# ሓዳስ ኤርትራ


መበል 29 ዓመት ቁ.14 | ሰሉስ 17 መስከረም 2019 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3
ኣመለኻኽታ ኣብ ሜላ መእረምታ ህጻናት


ገጽ 5
ሰውራ ዝወለዶ ሕልና


ገጽ 6
ደሴት በርሙዳ


ገጽ 8
ህይወት ኣብ ኤክሶ-ፕላኔትስ


ገጽ 9
ስፖርታዊ ውድድራት ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል ቀጺሉ



# ፕረዚደንት ኢሳይያስ ናይ ሱዳን ዑደቶም ዛዚሞም ተመሊሶም

ኣቦመንበር ሉኣላዊ ባይቶ ጀነራል ዓብዱልፈታሕ ኣልቡርሃን ብዘበርኾ ዕድመ፡ ካብ 14 መስከረም ኣብ ሱዳን ናይ ክልተ መዓልታት ወግዓዊ ምብጻሕ ዝገበሩ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ትማሊ 16 መስከረም ሰዓት 11፡00 ቅድመ-ቐትሪ ተመሊሶም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ሱዳን ኣብ ዝጸንሕሉን መዓልታት፡ ምስ ኣቦመንበር ሉኣላዊ ባይቶ ጀነራል ዓብዱልፈታሕ ኣልቡርሃን፡ ቀዳማይ ሚኒስተር መሰጋገሪ መንግስቲ - ዶክተር ዓብደላ ሓምዶክን ኣባል ሉኣላዊ ባይቶ ጀነራል መሓመድ ሓምዳን ዶግሎን ርክባት ኣካይዶም።

ኣብ ሰናይ ጉርብትናን ንዝተመርከሰ ታሪኻዊ ዝምድና ህዝብታት ኤርትራን ሱዳንን፡ ናብ ሓድሽ መድረኽ ምትሕግጋዝ ንምስጋሩን ዝተኸፍተ ዕድላት ንምዕቃብን ዘለዉ ደለውቲ ብምርግጋጽ ከኣ ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ምትሕብባር ንምዕዛዝን ንኣደማዒ ዞባዊ ወህደት ብሓባር ንምስራሕን ተረዳዲኦም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ብ15 መስከረም፡ ብኣቦመንበር ሉኣላዊ ባይቶ ጀነራል ዓብዱልፈታሕ ኣልቡርሃንን ካልኦት ላዕለዎት ሰበስልጣንን ተሰንዮም፡ ኣብ ካርቱም ናብ ዝርከብ ዓበይቲ ኣፍረይቲ ትካላት በጺሖም።

ኣብ ወተሃደራዊ ትካል 'የርሙክ'ን ትካል ሕርሻ 'ዛድና'ን ኣብ ዝገበርዎ ዑደት፡ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ኣቃውማኦምን ፍርያተንን፡ በብዝምልከቶም ኣካላትን ክኢላታትን መብርሂ ተዋሂቡዎም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣጻዋርን ናውቲ ህንጻን ዘፍሪ ትካል 'የርሙክ' ድሕሪ ምዕዛብ ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ኣብ ሱዳን ተበጺሑ ዘሎ ምዕባለ ጸቡቕ ኣንፈት ሓዙ ከምዝኾነ፡ ኣብ ዞባና ከምዚ ዓይነት ትካል ምህላው፡ ዘድልዮ ንብረት ብቐረባ ካብ ሱዳን ንምምጻእ ምቹእ ባይታ ዝፈጥር ስለዝኾነ፡ ንሓባራዊ ዕቤት ኣገዳሲ ከምዝኾነ፡ ነዚ ንምትግባር ድማ ክስራሓሉ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣብ ትካል ሕርሻ 'ዛድና' ኣብ ዝገበሮ ዑደት ድማ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ዝሰላሰል ዘሎ ስራሓትን እቲ ትካል ዝጥቀመሉ ቴክኖሎጂን፡ መደብራት ፊልሲ ዝተፈላለየ ዓይነት ፍረታት፡ ከምኡ'ውን መፍረ ስጋ፡ ጸባን ተምርን ተዓዚቡን ብሞያውያን መግለጺ ተዋሂቡዎም።

መንግስታት ኤርትራን ሱዳንን ኣብ መወዳእታ ናይ'ቲ ዑደት ኣብ ዘውጽእዎ ሸደሽተ ነጥብታት ዝሓዘ ሓባራዊ መግለጺ፡ ኣብ መዳያት ምክልኻል፡ ቁጠባ፡ ማሕበራውን ባህላውን፡ ጸጥታ፡ ፖለቲካን ዲፕሎማሲን ምትሕብባርንን ምትሕግጋዝንን ክዕዘዙ፡ ትግባረ ናይ'ዚ ስምምዕ ንምርግጋጽ ድማ፡ ላዕለዋይ ሽማግለ ክቖውም ተሰማሚዖም።

(ትሕዝቶ መግለጺ ኣብ ገጹን ረአ)





## ሓባራዊ መግለጺ

ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ክቡር ኣቶ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ብላዕለዋይ ልኡኽ ተሰንዮም፡ ካብ 14 ክሳብ 15 መስከረም 2019 ኣብ ሱዳን ዕወት ወግዓዊ ዑደት ኣካይዶም። ኣብ'ዚ ዑደቱ ድማ፡ ምስ ኣቦመንበር መሰጋገሪ ልኡላዊ ባይቶን ዋና ኣዛዚ ሓይልታት ሰራዊት ሱዳንን ክቡር ጀነራል ዓብዱልፈታሕ ኣልቡርሃን ተራኺቦም፡ ኣብ ሓባራዊ ኣገዳስነት ዘለዎም ፖለቲካውን ጸጥታውን ጉዳያት ዘቲዮም።

ኣብ'ቲ ሕውነታዊ መንፈስ ዝሰፈኖ ኣብ ሓባራዊ ኣገዳስነት ዘለዎም ጉዳያት ሃናጺ ዝርርብ ዝተኻየደሉን ምብጻሕ፡ ኣብ ጽኑዕ ታሪኻዊ ዝምድና ህዝብታት ኤርትራን ሱዳንን ዝተሰረተ፡ ሓቀኛ ድሌት መራሕቲ ክልተኡ ሃገራት ንዝለዓለ ምትሕግጋዝ ተረጋጊጹ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ድማ፡ ንህዝብን መንግስትን ሱዳን ዕቤትን ብልጽግናን ድሕሪ ምምናይ፡ ነዚ መሰጋገሪ መድረኽ ብዓወት ከምዝሰግሩዎ ጽኑዕ እምነት ከምዘለዎ ገሊጹ።

ኣቦመንበር መሰጋገሪ ልኡላዊ ባይቶ ጀነራል ዓብዱልፈታሕ ኣልቡርሃን ብወገኑ፡ በዚ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝገበሮ ታሪኻዊ ምብጻሕ ዝተሰመዖ ሓጎስ ድሕሪ ምግላጽ፡ ድልዱል ሰረት ዘለዎ ዝምድና ክልቲኤን ሃገራትን ኣብ ኣህጉራውን ዞባውን መድረኻት ዝጸወቶን ዘሎ ዓቢ ተራን ብምርግጋጽ፡ ንኑሮ ህዝቢ ሃገረ ኤርትራ ምዕባለን ብልጽግናን ተመንዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ካብ ታሪኻዊ ዝምድና ክልቲኤን ሃገራት ብምብጋስን ከም መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ መንጎኤን ዘሎ ሕውነታዊ ምትእስሳርን ጸቡቕ ዝምድናን ንምትካእ ምኽባር ልኡላውነት፡ መሬታዊ ሓድነትን ሓድሕድ ምክብባርን ዘለዎም ግዴታ ብምርግጋጽን ንሃገራውን ኣህጉራውን ግቡኣቶም ብዘይጻረር መንገዲ ጽኑዕ መሰረት ንክልተኣዊ ምትሕግጋዝ ብምንባርን ሪፓብሊክ ሱዳንን ሃገረ ኤርትራን ንሰላምን ምርግጋእን ምምዕባል ክልተኣዊ ዝምድናታትን ኣብ ኩሉ መዳያት ክተሓጋገዛ ተሰማሚዐን–

1. ምትሕግጋዝ ኣብ ምክልኻልን ወተሃደራውን መዳያት። እዚ ምትሕግጋዝ እዚ፡ ንሓይልታት ምድሪ፡ ኣየር፡ ባሕሪ፡ ወተሃደራዊ ማሰነ፡ ስልጠናታትን ኣገልግሎት ጥዕናን የጠቓልል።

2. ምትሕግጋዝ ኣብ ጽላት ቁጠባ - ንግዲ፡ ሕርሻ፡ ትሕተ-ቅርጺ፡ ኢንዱስትሪ፡ ዕደና፡ ከምኡ'ውን ሃብቲ እንስሳን ዓሳን።

3. ምትሕግጋዝ ኣብ ማሕበራውን ባህላውን መዳያት - ትምህርቲ፡ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብን ማሕበራዊ ህንጻትን።

4. ምትሕግጋዝ ኣብ ጸጥታዊ መዳይ - ምልውዋጥ ሓበሬታ፡ ህንጸት ዓቕሚታት፡ ከምኡ'ውን ምክልኻል ውዱባት ዶብ ሰገርን ገበናት።

5. ምትሕግጋዝ ኣብ መዳያት ፖለቲካን ዲፕሎማሲን፡ ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን መድረኻት።

6. ዞባዊ ድሌታት ንሰላም፡ ምርግጋእን ምትሕግጋዝን ንምስጓም ዘገልግል ዞባዊ ምትእኽኻብ ንምቛም ምስራሕ።

ተግባራውነት ናይ'ዚ ስምምዕ'ዚ ንምርግጋጽ፡ ብምኽትታልን ደገፍን መራሕቲ ክልቲኤን ሃገራት ዝጠኑ ላዕለዋይ ሽማግለ ክቖውም መምርሒ ተዋሂቡ ኣሎ።

ካርቱም
15 መስከረም 2019

## ጋዜጣዊ መግለጺ
### ኤርትራ፡ ኣብ መሳለጥያ ነዳዲ ሰዑድያ ንዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ትኹንን

መንግስቲ ኤርትራ፡ ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ ልዕሊ መሳለጥያ ነዳዲ ሰዑድያ ንዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ብትሪ ኩኒኑ።

እዚ ሓደገኛ ተግባር፡ ነቲ ኣብ'ቲ ዞባ ዘሎ ዘይርጉእ ኣጠቓላሊ ኩነታት መለሱ ዘጋድድ እዩ።

በዚ ምኽንያት፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ናብ መንግስትን ህዝብን ሰዑዲ-ዓረብ መልእኽቲ ሰናድዖ ኣሎ።

ሚኒስትሪ ዜና
ኣስመራ - 16 መስከረም 2019

# ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ምስ ኣባላት ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ነበርቲ ካርቱምን ከባቢኣን ርክብ ኣካየዱ





ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብ15 መስከረም ምስ ኣባላት ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ነበርቲ ካርቱምን ከባቢኣን ኣብ ሆቴል ኮሪንትያ ርክብ ኣካየዱ።

ኣብ'ቲ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ወከልቲ ማሕበር ምትሕግጋዝ ህዝብታት ኤርትራን ሱዳንን ከምኡ'ውን ኤርትራውያን ነበርቲ ካርቱምን ከባቢኣን ዝተረኽቡሉ ርክብ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ - "ኣብ'ዚ ሓድሽ መዋእል ዝኽፈተሉ ዘሎ እዋን ምርኻብና፡ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ እዩ" ኢሉ።

ሳላ ቃልሰን ጽንዓትን ህዝብታት ኤርትራን ሱዳንን ጽንኩር እዋን ተሰጊሩ እዚ ራህዋ'ዚ ከም እተረኽበ ድሕሪ ምጥቃስ ከኣ፡ ኣብ ካልእ ኣጋጣሚ ናብ ዝተፈላለያ ከተማታት ሱዳን ክበጽሕ መደብ ከምዘለዎ ሓቢሩ።

ተሳተፍቲ፡ መብርሂ ዝደለዩሉም ሕቶታትን ርእይቶታን ኣቕሪቦምን ምላሽ ረኺቦምን።

ብድሕሪ'ዚ፡ ዳይረክተር ኣብ ቤት-ጽሕፈት ፕረዚደንት ኣቶ ኣሚን ሓሰን፡ ኣብ'ቲ ናይ ክልተ መዓልታት ወግዓዊ ምብጻሕ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ መንጎ መንግስታት ኤርትራን ሱዳንን ዝተበጽሐ ስምምዕ ንተሳተፍቲ ኣቕሪቡ።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ኣማኻሪ ፕረዚደንት ኣቶ የማነ ገብረኣብን ተሳቲፎም ነይሮም።

# ኣብ ምድጃታል ኣሰራርሓ ሬድዮን ቴለቪዥንን ዘተኰረ ስልጠና ተዛዚሙ



ስ/ ኣብርሃም በየነ

ብምውካሉ ሚኒስትሪ ዜናን ትካል ምምሕዳር ሬድዮን ቴለቪዥንን ቻይናን ዝተወደበ፡ ኣብ ምድጃታል ኣሰራርሓ ሬድዮን ቴለቪዥንን ዘተኰረ - ናይ 21 መዓልታት ስልጠና ተዛዚሙ።

ብ14 መስከረም ኣብ ቀጽሪ ሚኒስትሪ ዜና ኣብ ዝተኻየደ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት፡ ኣብ ትካል ምምሕዳር ሬድዮን ቴለቪዥንን ቻይና ኣካያዲ ስራሕ ዕዮ ዕዱጋን ስልጠናን ሚስተር ዝሆንግ ረንክሮ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ስልጠና ከም ማበገስን መወከስን ተራእዩ፡ ንመጻኢ ብዝበለጸ ክምዕባል ዘለዎ ምኳኑ ገሊጹ፡፡ ንስልጠንቲ ድማ ስለ'ቲ ዘርኣዩዎ ተገዳስነት ኣመስጊኑ፡፡

እቲ ኣብ ሞያ ምህንድስናን ቴክኖሎጂ ሓበሬታን ንዝጠቕዑ 66 ኣባላት ሚኒስትሪ ዜና ዝተዋህበ ሞያዊ ትምህርቲ፡ ቴክኖሎጂ ፍርያት ቴለቪዥን፡ ግራፊክስን ድሕረ-ወጽኢትን ናይ ጽሑፍ መሰከይታ ኣብ ፊነወ ቴሌቭዥን፡ ስቱድዮን ናይ ምዝርጋሕ ስርዓትን ምስረታ መሬታዊ ድጅታላዊ ፊነወ ቴለቪዥን. . . ዝበሉን ካልኦትን ኣርእስታት ዘጠቓለለ ኮይኑ፡ ንዝበረ ስርዓት ፊነወ ናብ ድጅታል ንምቕያር ዝሕግዝ እዩ።

ኣብ መዛዘሚ'ቲ ስነ-ስርዓት፡ ሚኒስተር ዜና ኣቶ የማነ ገብረመስቀልን ኣብ ኤምባሲ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ኣብ ኤርትራ ኣማኻሪ ቁጠባን ንግድን ሚስተር ዋንግ ሊፐን ንሰልጠንቲ ወረቓት ምስክር ዓዲሎም።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

### ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ቀ.ስ 116266 / 201820(2220)

### ቦርድ ምስንዳእ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ኤርምያስ ገብረልዑል
ሺሃብ ኣርኣያ
ቀ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

### ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቀ.ስ. 200454-07121322
### ምልክታ
ቀ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

### ለይ-ኣውት
ሊድያ ስልጣን
ሳምራዊት መለስ
ሰማያዊት ሓይለኣብ
ቤተልሄም ታደሰ
ትንሳኤ ፍስሃየ


# ዋዕላ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንምምካት ምድረ-በዳነት ተዛዚሙ

ኤርትራ ተመኩሮኣ ኣብ ንጥፈታት ምግራብን ምትእትታው ብጹሓዊ ጸዓት ዝሰርሐ እቶን ኣስመራን ዘቃልዓቶ መበል 14 ዋዕላ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንምምካት ምድረበዳነት፡ "ኣዋጅ ኒውደልሂ" ብምውጻእ ብ13 መስከረም ተዛዚሙ።

ኣብ'ቲ ካብ 2 መስከረም ኣትሒዙ ኣብ ከተማ ኒውደልሂ - ህንዲ ክቃናዕ ዝቐጸ፡ ካብ 197 ሃገራት፡ ዝተፈላለያ ኣህጉራውያን ትካላትን ሰብፍልጠታውያን ኣካላትን ዝተወከሉ ኣስታት 9 ሽሕ ሰባት ዝሳተፉዎን ኣህጉራዊ ዋዕላ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስቴንሽን ኣቶ ሕሩይ ኣስገዶም ዝተመርሐ ልኡኽ፡ ሓምላይ ሽፋን መሬት ናብ ንቡር ንምምላስ ኤርትራ ንእትኸተሎ ዘላ ዝተፈላለየ ኣገባባት ሓምላይ ወፍሪታት ዘንጸባርቕ ብስእልን ምስልን ዝተሰነየ መግለጺ ኣቕሪቡ።

ጐድኒ-ጐድኒ'ቲ ዋዕላ፡ ልኡኽ ኤርትራ፡ ንተመኩሮ ኤርትራ ኣብ ዕቃበን ምሕደራን ባህርያዊ ጸጋታት፡ ከምኡ'ውን ተራ ሰብ ጥበብ ኣብ ምግራብን ምሕደራ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታትን ዘተኰረ መብርሂ ድሕሪ ምሃብ፡ ምድረበዳነት ሓባራዊ ብደሆ ስለዝኾነ፡ ብሓባራዊ ጻዕሪን ምትሕግጋዝን ንምምካቱ፡ ወሃደትን ምትሕግጋዝን ኩለን ሃገራት ወሳኒ ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።

ልኡኽ ኤርትራ ብዘወሃሃደ፡ ብ12 መስከረም ምስ ፈጻሚ ጸሓፊ ትካል ምምካት ምድረበዳነት ሕቡራት ሃገራት ሚስተር ኢብራሂም ትያው ብምርኻብ፡ ኤርትራ ምድረበዳነትን ምድካይ መሬትን ንምምካት ተሰላሲሎ ኣብ ዘሎ ንጥፈታትን ኸኣጋሱን ምሕደራ ማይክዮታት፡ ብደረጃ ስድራቤት ዝካየድ ወሃድ ሕርሻዊ ንጥፈት፡ ምትእትታው ብጹሓዊ ጸዓት እትሰርሕ እቶን ከምኡ'ውን ምስ ኣገዳስቲ መሻርኽቲ ኣካላት እተካየዶ ምትሕብባርን ወጽኢቱን ዘትዩ።

## ለሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ደኩመንታሪ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ልዝብ መንእሰያት |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ዶክተራት ካብ ስትድዮ |
| 14:30 | ዶክመንታሪ |
| 15:30 | ናትራን |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:20 | ሙ/ድራማ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:40 | ሳይዳ |
| 18:40 | ሙ/ድራማ |
| 19:30 | ሄሎው ቆልዑ |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:10 | ተኸታታሊት ኩነታዊት ፊልም እንዳ ዝማም |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ጻብጻብ ዑደት ፕረዚደንት ኢሰይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ሱዳን |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:10 | ሙ/ድራማ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | Open mic |

*ብኻልኣይ መስመር ተለቪዥን ኤርትራ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ኣሎ።*
*ናፖሊ ምስ ሊቨርፑል ሰዓት 10፡00 መሸት*

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም
yosief1557@gmail.com

## ኣመለኻኽታ ኣብ ሜላ መኣረምታ ህጻናት





ብዙሕ ግዜ ወይ ብልምዲ ወለዲ ኣብ ኣተሓሕዛ ውሉዶም ዝተፈላለየ ኣገባባት ክኽተሉ ንዕዘብ ኢና። ገለ ወለዲ፡ ብያታዊ ኣተሓሕዛ ውላድካ ምዕባይ እቲ ዝበለጸ መገዲ'ዩ ብዝብል እምነት ይኽተሉ።

እዚ ከኣ ኑቲ ብያታዊ ኣበሃህላ "ቀጺዑ ይሃብካ'ምበር ምቕጻዕ ፋይዳ የብሉን" ዝብል ርድኢት ዘራጉድ'ኳ እንተኾነ ኣድማዕነቱ ግን ክሳብ ክንደይ'ዩ? ምስዚ ናይ ዓውሎማን ካልእን ጽልዋታት፡ ብኸምዚ ብሂል ውላድካ ምዕባይ ይከኣል ድዩ? ካልኦት ወለዲ ድማ ንደቅኻ ብግቡእ ቀጺዕካ ምዕባይ ፍረ ዝሕፈሶ ዝበለጸ መገዲ'ዩ ዝብል እምነት ይስዕቡ።

ከም ተወሳኺ'ውን ብሙብዛሕትኦ ተቐባልነት ዘለዎን ብፍላይ ድማ ከም ብሂልን ልምዲን ዝጸንሐ "ቈልዓ ብንኡሱ ቁርበት ብርሑሱ" ዝብል ብሂል ንእምነቶም ዘራጉድ ምኻኑ ይገልጹ። ስለዚ፡ ንውላድካ ኣብ መስመር ኣብ ዘወጽኣሉ ምስ ዕድመኡን ደረጃ ንቕሓቱን ዝኸይድ መቕጻዕቲ ኣሰኒኻ ምዕባዩን ምስትኽኻሉን ጽባሕ ንግሆ ዘዮጣዕስ ስጉምቲ'ዩ ይብሉ።

ገሊኦም ናብ ዘመናውነት ዝዘምበሉ ወለዲ ድማ፡ "ምቕጻዕ ማለት ኑቲ ቈልዓ ምድንቋርን ርእሰ-ተኣማንነቱ ምጥፋእን ኣብ መወዳእታ ከኣ ድሁል ኩይኑ ከም ዝዓቢ ምግባርን ስለዝኾነ፡ ኣብ ክንዲ ብምቕጻዕ ብሜላ ንውሉድካ ኩተዕቢ ይምረጽ" ይብሉ።

ከም መወከሲ መጀመርታ መቕጻዕቲ ክበሃል ከሎ እንታይ ማለት ምኻኑ ምርዳእ ከድልየና'ዩ። መቕጻዕቲ ክበሃል ከሎ ከም ልምዲን ተሞኩሮን መግናሕቲ፡ ኣካላዊ መቕጻዕቲ፡ ገጽ ምኽላእ፡ ተግሳጽ ወዘተ . . . ዝኣመሰሉ ትርጉም ይወሃቦ'ዩ። ሙብዛሕቲኦም ግን መቕጻዕቲ ማለት ብቐጥታ ምስ ኣካላዊ መቕጻዕቲ (ኮርፖራል ፓኒሽመንት) ኣተኣሳሲሮም'ዮም ዝርእይዎ። እዚ ኣካላዊ መቕጻዕቲ ወይ ድማ ኣካላዊ ሃሰያ ዝበሃል ግን ምስ መቕጻዕቲ ክንወስዶ የብልናን።

ክጥቀሱ ዝጸንሑ ከም መግናሕቲ፡ ሕርቃን፡ ቆየቛ፡ ጭደራ፡ ምጽራፍ፡ ወዘተ ስምዒታዊ ዓመጽ (ኢሞሽናል ኣቢዩዝ) ደኣ'ምበር ዲሲፕሊናዊ ስጉምቲ ኣይኮነን። ስለዚ መኣረምታ ወይ መቕጻዕቲ እንብሎ ንሓደ ዘይተደልየ ጠባይ፡ ልምዲ ወይ ወልፊ ኣሊኻ ቅቡል ዝኾነ ጠባያት ወይ ባህሪያት ምኹስኳስ ማለት'ዩ። ካብዚ ብምንቃል መቕጻዕቲ ዕዉት ክኸውን እንኽተሎም ስልትታት ድማ እዞም ዝስዕቡ'ዮም።

1. ቅጽበታዊ (swift)፡ ኣብ መቕጻዕቲ ግዜ ወሳኒ'ዩ። እቲ ዝበደለ ቈልዓ መቕጻዕቱ ኣብ ሓደ መቓን ኣእቲና ክንርእዮ ኣለና። ስለምንታይ ከም ዝቐጻዕ ዘሎ ክፈልጥ ይግባእ። ነዚ ንኽርዳእ'ውን በደልን መቕጻዕቲን ኣብ ሓደ ዝተቐራረበ ግዜ ክፍጸሙ ኣለዎም። ኣብዚ ብዙሕ ግዜ ኣብ መንጎ ሰብኣይን ሰበይቲን ኣብ ኣቀጻጽዓ ፍልልይ ይህሉ'ሞ እቲ ቈልዓ ቡቲ ግቡእ መገዲ ኣብ ክንዲ ዝቕጻዕ ግጉይ ኣቀጻጽዓ ክንክኑተል ንኽእል። ካብ ጠባያት ወለዲ "ኣደ" ከም ናይ ቀረባ ኣላዩት ኣብ ውላዳ ዘለዋ ናይ ብቐጻሊ ስክፍታ ርእይቶ ካብ ምሃብ ዓዲ ኣይትውዕልን'ያ። ብወገን ኣቦ'ውን ዝበዝሐ ግዜ ናይ ውልቃዊ ርእይቶ ካብ ምሃብ ሓሊፉ ስጉምቲ ክወስድ ኣይርእን'ዩ። ስለዚ ዝዓቢ ቈልዓ ጉድለታት ይእኩብ'ሞ ጠባዩ እናተበላሸወ ይኸይድ። ጉድለታት ግን ኣይእኩበን'ዩ። ንዝበደላ በደል ብቐጽበት ክእረም ኣለዎ። እናተቐጽዐ "ግደፍዮ እንዶ ይኣኽሎ፡ ኣይገድፎን'የ" ዝብል ኣበሃህላ ግጉይ ምኻኑ ኣሚንና ጉድለት ከይሳዕረረ ከሎ ክንእርም ይግባኣና።

2. ብቑዕ (sufficient)፡ እቲ ብቑዕ መኣረምታ ወይ መቕጻዕቲ ምስቲ ዝተፈጸመ በደል ዝመጣጠን ክኸውን ኣለዎ። ዘይሰዉጥን ልምሉምን ኣቀጻጽዓ፡ ኣካላውን ስነ-ልቦናውን ስንብራት ዝትርፍ ጭካነ ዝተሓወሶን ኣቀጻጽዓ፡ ኑቲ ቅቡል ባህሪያት ዘይምልሹ ግጉያት ኣቀጻጽዓ'ዮም - ክውገዱ ይግባእ።

ኣቀጻጽዓና ልምሉምን ሸለልትነት ዝተሓወሶን እንተኾይኑ ድማ እቲ ዝቕጻዕ ቈልዓ ኣብ ባህሪቱን ጠባያቱን ለውጢ ክምጽእ ዘይሕሰብ'ዩ። ኣቀጻጽዓና ካብቲ ዝግባእ ንላዕሊ ተረርቲ እንተኾይንና እቲ ዝቕጻዕ ውሉድ ነቓጽ ባህሪያት ኣማዕቢሉ ክጥምጠመና ይኽእል'ዩ። ስለዚ ነዚ ዝተጠቕሰ ኣብ ግምት ብምእታው ብቕዓቱ ዝሓለወን ምስቲ ዝተፈጸመ በደል ዝመጣጠንን መቕጻዕቲ ወይ መኣረምታ ክንህብ ይግባእ።

3. ዘላቒ (consistency)፡ ሕማቕ ባህሪ ወይ ጠባይ ክሳብ ዘይተኣረመ ሳዕቤኑ ስለዝገድድ፡ ከይሰልከና ቅርዑው ኣገባብ መቕጻዕቲ ክኻየድ ይግባእ። ኣብቲ ክንእርሞ እንደሊ ውሉድና ሕዝ ግድፍ ኣቀጻጽዓ ነወግድ። ዕላማና ዘይሰሩዕ ጠባያት ወይ ዘይቅቡላት ባህሪያት ኣሊኻ ቅቡል ባህሪያት ምኹስኳስ ክሳብ ዝኾኑ፡ ንዘይተኣረመ ጠባያት ብቐጻሊ ክንእርሞ ይግባእ። ሓደ ካብቲ ጌጋ ርድኢት "ይቐጽዖ ነይረ፡ ሎምስ ሰልኪዩኒ ገዲፈዮ" ዝበሃል ኣዘራርባ ኩይኑ፡ ዕላማ መቕጻዕቲ እንታይ ምኻኑ ካብ ዘይምፍላጥ ዝብገስ ዘረባ'ዩ - ፍጹም ክውገድ ኣለዎ። ቅድሚ እዚ ናይ መቕጻዕቲ ውሳነ ወይ ስጉምቲ ምውሳድና ከም ወለዲ ክንፈልጦምን ክንክኑተሎምን ዝግብኡና ሓቅታት ኣለዉ። ብዓቢኡ ድማ "ውሉድ ካብ ወላዲኡ" ዝጽበዮም ነጥብታት'ዮም።

- ሓገዝን ተገዳስነትን
- ብጽሞና ምስማዕን ጠሊቕካ ምርዳኦምን
- ፍቕርን እወታዊ ኣረኣእያን
- ምቕባልን ምፍቃድን
- እምነት (trust)
- ውልቃዊ ናጽነት
- ቁጽጽርን ምምራሕን

ደቅና ጉድለታት ካብ ምግባር ኣይቁጠቡን'ዮም። ስለዚ ንሕና ወለዲ ድማ ግቡእ መቕጻዕቲ ወይ መኣረምታ ካብ ምሃብ ዓዲ ኣይንውዓል።

## ንምዝኽኻር ...

"ኣፍና ምእንቲ ባህ ዘዩብል ሽታ ከይሕዝ፡ ምስ ተመጉብና ብግቡእ ክንጉጽጉጾ ኣለና።" ክብሉ ክኢላታት ይዛረቡ'ዮም። ክንምገብ እንከለና፡ ኑቲ እንምገቦ ዘለና ዘተርክሰን ዘናቕቕን ምራቕ ናብ ኣፍና ይመጽእ'ዩ። እዚ ምራቕ'ዚ እንተውሒዱ ሓደ ካብ ጠንቅታት ምሽታት ኣፍ ክኸውን ከም ዝኽእል ክኢላታት ይገልጹ።

ኣፍና ምስ መግቢ ብዝኣትዉን ካብ ካልኦት ክፍሊ ኣካላትና ብዝመጹን ባክተርያ ኩሉ ግዜ ምስ መልኣ'ዩ። እዞም ባክተርያ እዚኦም ሕማቕ ሽታ ዘለዎ ጋዝ ስለ ዘመንጭዉ (ዝተፍኡ) ኣፍና ባህ ዘዩብል ሽታ ይገብር። ካብ ድቃስ ምስ ተበራበርና ዝያዳ ካልእ እዋን ኣፍና ሕማቕ ሽታ ይህልዎ። እዚ ዝኾነሉ ኣብ እዋን ለይቲ መግቢ ስለዘይንበልዕ እቲ ናብ ኣፍና ዝመጽእ ምራቕ ስለዘይህሉ ወይ'ውን ስለ ዝውሕድ እቶም ሕማቕ ሽታ ዝፈጥሩ ባክተርያ ክራብሑ ምቹእ ባይታ ይረኽቡ። ዝጠዘሑ ባክተርያ ኣብ ኣፍና ምህላው ድማ ኑቲ ናይ ሽታ ጸገም ዝያዳ የጋድዶ።

ኣልኮላዊ መስተ፡ ጥሜት፡ ብዙሕ ምዝራብ፡ መዕበስቲ ኣፍንጫ፡ ብኣፍ ምስትንፋስ፡ ዕድመ (እርጋን) ከምኡ'ውን ብዙሕ ምንቅስቓስ ኣብ ኣፍና ንዘህሉ ምራቕ ከም ዝጉድል ስለዝገብሩ ከም ጠንቅታት ባህ ዘዩብል ሽታ ኣፍ ይቑጸሩ። እንተምገቦም ዓይነታት መግቢ ኣብ ምሽታት ኣፍ ልዑል ተራ ኣለዎም። ከም ኣብኡት ጸዕዳ ሽጉርቲ ልዑል ትሕዝቶ ሳልፈር ስለ ዘለዎ፡ እቲ ናብ ደም ተቐዪሩ ናብ ሳንቡእ ዝበጽሐ ሳልፈር ክስተንፍስ እንከለና ንኣፍና ሕማቕ ሽታ ይጉብረሉ።

ኣብ ገፊሕ መዓንጣ ዝፍጠር ምቅጻል መግቢ ፍሉይ ሽታ ይፈጥር'ዩ። ሓደ ካብቶም ናይ ስርዓተ ምሕቃቕ መግቢ ዝኾኑ 'ኢንዛይም' ድማ ኑቲ ዝሸትት ዝተናቐቐ መግቢ ሽታ ናብ ዘይብሉ ጠቓሚ ነገር ይቕይሮ። እዚ ኢንዛይም'ዚ ዘይብሎም ሰባት እቲ ጸገማት ኪጋጥሞም ይኽእል'ዩ። ዝተፈላለዩ ሕማማት ኣሰናንን ግርጻንን'ውን ኣፍና ከም ዝሸትት ይገብሩ'ዮም። ደቃንስትዮ ወርሓዊ ጸግያት ኣብ ዝመጽኣን እዋን ኣፈን ዘይንብር ሽታ ክህልዎ ይኽእል'ዩ። እዚ ብምኽንያት ምቅይያር 'ሆርሞናት' ሰብነት'ዩ ዝፍጠር።

ዝኾነ ኾይኑ ኣፍና ባዕላትና ብእንፈጥሮ ጸገማት ከምዚ ዓይነት ጸገማት ከማዕበል ካብ ከኣሉ፡ ብዘዮዮእ ተኸናኺንና ክንሕዞ፡ ድሕሪ መግቢ ክንጉጽጉጾን ኣሰናንና ቀጻሊ ክንምውጾን ኣገዳሲ ምኻኑ ምዝኽኻር እኹል'ዩ።

ብኻልእ ወገን ኑቶም ብምኽንያት 'ዕድመ፡ ጉድለት ኢንዛይም፡ ምቅይያር ሆርሞን' ዘጋጥሙ ምሽታት ኣፍ ግን ምስ ባህሪ ዝተኣሳሰሩ ስለዝኾኑ ኑብስ ጽልኣት ወይ ካልእ ማሕበራዊ ጸገማት ከይፈጥሩልና ምእንቲ ብዙሕ ግምት ዘይብሃብ እቲ ዝሓሸ ኣማራጺ'ዩ።

*ምንጪ፡ "ሪደርስ ዳይጀስት"*




## መልሲ ሰዱኮ ቁ.12

| | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 4 | 5 | 2 | 3 | 9 | 6 | 7 | 1 | 8 |
| 8 | 9 | 1 | 5 | 2 | 7 | 6 | 4 | 3 |
| 6 | 7 | 3 | 4 | 1 | 8 | 9 | 2 | 5 |
| 9 | 2 | 4 | 8 | 7 | 3 | 5 | 6 | 1 |
| 1 | 3 | 5 | 9 | 6 | 4 | 8 | 7 | 2 |
| 7 | 8 | 6 | 2 | 5 | 1 | 3 | 9 | 4 |
| 3 | 6 | 7 | 1 | 4 | 5 | 2 | 8 | 9 |
| 2 | 1 | 8 | 7 | 3 | 9 | 4 | 5 | 6 |
| 5 | 4 | 9 | 6 | 8 | 2 | 1 | 3 | 5 |

*ቅርጺ 1 ትመጽእ*    *ቅርጺ C ትመጽእ*

ኣዳላዊ ሰለሙን ተኽለማርያም (ራጁ)




## ሰናይ ስጉምቲ - መጎዓዝያ ዓርበረቡዕ

መንግስቲ ኣብ ጽባሕ ናጽነት ጀሚሩ ንህዝቢ ኣብ ጸገም መጎዓዝያ ንምግልጋል ልዑል ኣቓልቦ ብምሃብ ሰሪሑሉ እዩ። ነዚ ዕማም እዚ ብጽፈት ምትግባሩ ክጥዕም ድማ ኣብ ዞባታት ናይ መጎዓዝያ ኣብያተ ጽሕፈታት ከፊቱ። ሓደ ካብ'ዚ ከኣ ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ መጎዓዝያ ዞባ ማእከል እዩ። እዚ ቤት ጽሕፈት እዚ ክሳብ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ማካይን እናመደበ ስርሑ ብዕቱብ የተግብር ኣሎ። ሓንቲ ካብ'ዘን ናይ መጎዓዝያ ኣውቶቡስ ዝተመደበለን ዓድታት ከኣ ዓርበረቡዕ እያ።

እታ ቅድሚ ዓመት፡ ናይ ከተማ ኣውቶቡስ ኣብ'ዚ ቦታ'ዚ ተመዲባ ትሰርሕ ብምንባራ፡ ግቡእ ኣሰራርዓ ኩርሰን፡ ደው ንዝብሉ እውን እኹል ቦታን ምቹእ መትሓዚን ዘለዋ እያ። እዛ ኣውቶቡስ ግን ክሳብ ዝሓለፈ ሰሙን ንልዕሊ ዓመት ኣቋሪጻ ብምጽናሓ፡ ኣብ'ቲ መስመር ጸገማት ክረአ ጸኒሑ።

ምኽንያቱ እዘን ቡብመዓልተን እናተቐያየራ ቡቡሓንቲ ኣውቶቡስ ኣገልግሎት ክህባ ዝጸንሓ ናይ ግሊ ኣውቶቡሳት ኣለዋ። በዚ መንገዲ፡ ኣብ'ቲ መስመር ኣገልግሎት እትህብ ሓንቲ ኣውቶቡስ ኣላ። እዛ ኣውቶቡስ እዚኣ፡ ኣብ መዓልቲ ሽዱሽተ ግዜ እያ ኣስመራ-ዓርበረቡዕ ትመላለስ። ንህዝቢ ዓርበረቡዕ፡ ማይ ሕንጻ፡ ሸግርኒ፡ ዓርገሎ፡ ድርፎ፡ ዓዲ ሓሙሽተ. . . ድማ ኣገልግሎት ትህብ። ኩርሲታታ ዝተቐራረበን ዘይምቹእን ብምዃኑ፡ ሰብ ኣብ ርእሲ ሰብ ተደራሪቡ ኮፍ ንኽብል ዝድርኽ'ዩ። እቲ ደው ኢሉ ዝኸይድ እውን ንሓድሕዱ እናተጸቓቐጠን እናተዳፈአን እናማረረ ዝጎዓዝ እዩ። ናይ ጥዕና ጸገም ዘለዎም፡ ዕድመ ዝደፍኡ ኣቦታትን ኣደታትን፡ ህጻናት፡ ነፍሰ-ጾራት. . . ኣብ'ዛ ኣውቶቡሳት ክጎዓዙ ድማ ኣመና ኣጸጋሚን ንሓደጋ ዘቃልዕን እዩ። ብተወሳኺ፡ እዛ ኣውቶቡስ እዚኣ ግቡእ ስርሓ ተሰላሲላ ትኻሉ ደኣ'ምበር፡ ኣብ'ዚ ዝገልጾ ዘለኹ ከባቢ ዝነብር ተጠቃማይ ህዝቢ ኣዝዩ ብዙሕ ስለዝኾነ፡ ሓንቲ ኣውቶቡስ ኣዕጋቢት ኣይኮነትን።

ብሰሪ ብዝሒ ተጠቃማይ፡ እዘን ኣውቶቡሳት ካብ ኣርበዓ-ሓሙሳ ሰብ ንላዕሊ ክጽዕና ዘይክእላ ክሰና ክሳብ ልዕሊ ሚእቲ ሰብ ስለ ዝጽዕና፡ ኣብ ልዕሊ ህይወትን ንብረትን ህዝቢ ክስዕብ ዝኽእል ሓደጋ ንኸሉ ዝተኻወለ ኣይኮነን። እቲ ንዚያዳ ጽዕነት ዝድርኽ ዘሎ፡ ዓቕመን ጥራይ ጽዒነን እንተኸዱ፡ እቲ ገዲፈንኦ ዝኸዱ ህዝቢ ካልእ ኣማራጺ መጎዓዝያ የብሉን። ብፍላይ ተማሃሮ ኣብ ዘለዉሉ እዋን፡ ጸዕቂ ተገልጋልቲ መሊሱ እዩ ዝውሰኽ። እሞ ኸኣ እዚ ዝጎዓዝሉ መስመር (ጽርግያ) ተረር ዓቐብ-ቁልቁልን ብዙሕ ኩርባታትን ዘለዎ እዩ። ብተወሳኺ ኣብ መዓልታት ሰኑይን ቀዳምን ብዙሕ ህዝቢ ናብ ኣስመራ ስለ ዝኸይድ፡ ኣብ'ዚ እዋን እውን ሕ'ሉፍ ጸዕቂ ተጠቂምቲ ኣሎ።

ሎሚ ግን፡ እቲ ኣቋሪጹ ዝጸንሐ መንግስታዊ መጎዓዝያ ስለ ዝጀመረ ህዝቢ እፎይታ ተሰሚዑዎ ኣሎ። እዚ ድማ፡ ህዝቢ ግቡእ ኣገልግሎት ንኽረክብን ክስዕብ ንዝኽእል ሓደጋ ንምክልኻልን ዓቢ ስጉምቲ እዩ። እንተ ኾነ ግን፡ እዛ ሕጂ ጀሚራ ዘላ ኣውቶቡስ ከተማ፡ ምስ ብዝሒ ተጠቃማይ መጎዓዝያ ናይ'ቲ ከባቢ ብምንጽጻር እኽልቲ ስለ ዘይኮነት፡ ዝምልከቶ ኣካል ካልኣይቲ ብምውሳኽ ንተገልጋላይ ዝያዳ ከዕግብ እላቦ። ኮይኑ ንጉዳይ መጎዓዝያ ናይ'ዚ ከባቢ ብዝጦጦእ ተረዲኡ ዝኣልየዎን ዘመሓድሩዎን ዘለዉ ኣካላት መንግስቲ በዚ ኣጋጣሚ ኣመስግኖም!

*መሓመድ ዓሊ ዑስማን*
*(ካብ ዓርበረቡዕ)*

## ኣኽላባት ተሰነይ እንታይ'ዩ ጉድኦም?

ኣብ ናይ 12 ለካቲት 2019 ሕታም ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ዓምዲ መድረኽ ርእይቶ "ፋሉል ኣኽላባት ኣቓልቦ ይግበረሎም" ብዝብል ኣርእስቲ፡ ብሓደ ግዱስ ዜጋ ርእይቶ ተጻሒፉ ነይሩ። እንተኾነ ክሳብ ሎሚ ዝተገብረ ፍታሕ ይኹን ዝተዋህበ መልሲ የሎን። እቲ ጸገም ከኣ ብዝኸፍአ መልክዑ ይቕጽል ኣሎ። ስለ'ዚ ከኣ ኢና - ነቲ ናይ ሽዑ ርእይቶ ክንደግሞ ተገዲድና።

ኣብ ከተማ ተሰነይ፡ ውሑዳት ዘይኮኑ ፋሉል ኣኽላባት ኣለዉ። ምስ ቅድሚ ቀሩብ እዋን ከዘጻጽሮ ከሎና፡ ዋና ዘይብሎም ፋሉል ኣኽላባት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናሰሰኑ እዮም ዝመጹ ዘለዉ። ከልቢ፡ ሓደ ካብ እንስሳ ዘቤት ምዃኑን ኣብ ሓለዋ ዓቢ ኣበርክቶ ዘለዎን እንስሳ ምዃኑ ዝኩሓድ ኣይኮነን። ብዝያዳ ኣብ'ቶም ከማና ህይወት ዘለዎም እንስሳታት ርህራሀ ከርኢ ከም ዘሎና እውን ኣይሰሓትትን። እንተኾነ፡ እዞም ዋናን ኣላዪን ዘይብሎም ፋሉል ኣኽላባት፡ ከም እንስሳ ዘጉዳም ሓደገኛ ዝኾኑሉ እዋን ኣሎ። ጥዕናኦም ብትኽክል ጥዕና ስለ ዘይምርመርን ክታበት ስለ ዘይወስዱን፡ ሰብ ምስ ዝነኽሱ ሕማም ከመሓላልፉ ዘሎ ተኽእሎ ዓቢ እዩ።

እዞም ብውልቅን ብዕስለን ኒታ ከተማ የዕለቕሊቖማ ዘለዉ ኣኽላባት፡ ቁጽሮምን ድፍረቶምን መመሊሱ ይሰስን ኣሎ። ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ኮይኖም ንሰባት የሳቕዩ ኣለዉ። እዞም ኣኽላባት፡ ከም'ቶም እንፈልጦም ካልኦት ንሰብ ዝፈርሑ እውን ኣይመስሉን። ካብ መንገዲ ንኽእለዩልካ ክትሰጎም ወስ እንተበልካ፡ ተመሊሶም ይንብሑልካ እምበር ኣይእለዩን። ምስ ብዝሖም ድማ ሰግኣት ይሓድሮ።

ኣብ ጸላም ጸኒሖም ብዘንደብት ብምንባሕ የሰንብዱኻ። ኮራኩር ዘለወን ኣንስትዮ ኣኽላባት፡ ብጠርሀኻ ናብ ጥቓኦን እንተ ቀሪብካ፡ ንደቀን ምእንቲ ክከላኸላ ብዘንደብት ሀሩግ ይብላኻሞ፡ ልብኻ ምሽት ክሳብ ትብል ትሰንብድ። ሽዑ ግዳይ ናታተን ትኸውን። ብሕልፊ እቶም ክከላኸሉ ዘይክእሉ ኣረጋውያን፡ ደቂ-ኣንስትዮን ህጻናትን ኣብ ሓደጋ ክኣትዉ ብዙሕ እዋናት ኣጋጢሞሙና እዮም። ስለዝኾነ ድማ ግቡእ ኣልያ እንተ ዘይተገይሩሎም፡ ዘምጽእዎ ማዕዘ ዓቢ ክኸውን ይኽእል እዩ።



'እዞም ኣብ ተሰነይ ዝዀረዩ ዘለዉ ኣኽላባት ብጭብጥ እንታይ ሳዕቤን የምጽኡ ኣለዉ?' ዝብል ሕቶ ክለዓል ይኽእል እዩ። ዘምጽእዎ ሃሰያ ብርክት ዝበለ ስለዝኾነ ንገለ ክንጠቕስ። ኣብ ከተማ ተሰነይ ዝነብር ህዝቢ፡ ዝበዝሐ ንጥፈታቱ ወጋሕታ እዩ ዘሰላስል። ምኽንያቱ ኣብ ግዜ ቐትሪ ምቐት ስለዝበርትዕ። ለይቲ ካብ መደቀሲኡ ተበራቢሩ ናብ ስራሕን ጸሎትን ዱዓን ክኸይድ ከሎ፡ እዞም ኣኽላባት እዚኦም ዕንቅፋት ይፈጥሩሉ ኣለዉ። ብዕስለ ኣብ ጸልማት ጸኒሖም ክነብጥዎ ይደናደኑን የሰንብዱዎን ከምዘለዉ፡ ብርክት ዝበለ መዓልታት ተዓዚብና ኢና። "እንስሳና ደብልዑልና ኣለዉ፡ ማሕሰኣይ፡ ደርሆይ በሊዖሙለይ። ቁልዑሰበይቲ የሰንብዱልና. . ." ዝብል ዘረባ ድማ ወትሩ እዩ ዝስማዕ።

ኣብ ኣዝዩ ብዙሕ ከባቢታት ናይ ከተማ ተሰነይ፡ ኣብ ግዜ ለይቲ ዘወን ዝብሉን ዝሑብሑን ኣኽላባት ምርኣይ ንቡር ኰይኑ ኣሎ። ኣብ ከባቢ መኻዚኖ 09፡ ናይ ቀደም መቓብር፡ ከባቢ ምምሕዳር ዞባ ሰላም ዝርከብ ዓይኒ-ምድሪ፡ ከባቢ ቤተ-ክርስትያን መድሃኔኣለም ዘሎ ጎልጎል፡ ጎላጉል ቤት ትምህርቲ ተሰነይ፡ ጥቓ ቤት ትምህርቲ ኮኾብ ጽባሕ፡ ጥቓ ቤት ትምህርቲ ዳህላክ፡ ከባቢ መሕረዲ ስጋ . . . ገለ ካብ ዝርከብሉ ከባቢታት እዮም። እዚ ዝጠቐስኩዎ ከባቢ፡ ብርክት ዝበሉ ፋሉል ኣኽላባት ዝረኣዩሉ እዩ።

ኣብ ሕብረተሰብና ከልቢ ናይ ምጥራይ ልምዲ ኣሎ። እቶም ኣብ እንስሳ ርህራሀ ዘለዎም ጥቐሚ ከልቢ ዝፈልጡን ንኽልቦም ብግቡእ እናመገቡ፡ ጽሬቱ እናሓለዉ፡ ኩነታት ጥዕናኡ እናተኸናኸኑ፡ መውዓልኡን መሕደሪኡን እናተኸታተሉ፡ ከም እንስሳ ዘቤት ዝጥቀሙ ክጽብን ይጉብኡሉ። ገለ ድማ ንስለ ምጥራይ ጥራይ፡ ከልቢ ሒዞም ኣብዩ ከም ዝውዕል እውን ዘይፈልጡዎ እዮም። ክጽብን ዘይግበረሎምን ዘይቅጽዑን ኣኽላባት ድማ ሙብዝሖትኡ ግዜ ብዘወጽኡዎ ብምትራፍ ናብ ፋሉል ይቕየሩ። ኣብ ተሰነይ እቶም ዋናታት ዘለዎም ኣኽላባት'ውን እንተኾኑ ጉድኣት ካብ ምውራድ ኣይብኮሩን ዘለዉ። ብርክት ዝበሉ ወነንቲ ኣኽላባት ጸማዲ ናይ ከልቦም ብምዃን ከልቦም ኣብ ክንዲ ገዛኡ ዝሕሉ ኣብ ሰብ ዝሓልፈሉ መንገዲ ተጉዚፉ ከምዘለኸል ይገብሩዎ። ዓንብ እንተበልካ'ውን ንኣእዛንካ ዘቨርቨሕ መልሲ እዩ ዝወሃበ። ከልብና ብዝምጽኦ ሳዕቤን ተሓተትቲ ምዃንና ክንግንዘብ ይግበኣና እዩ።

ዝምልከቶ ኣካል እምበኣር፡ ብመንጽር ብዝሖም ዘምጽኡዎ ማዕዘ ክውሰኽ ስለዝኽእል፡ ኣቓልቦ ክገብረሎም ደጋግምና ለበዋና ነቕርብ።

***ክቡራት ኣንበብቲ ብዛዕባ'ዚ ርእይቶኹም ዝበጽሓ ኣዝዩም ብዙሓት ስለዝኾና፡ ንገለ ውሑዳት ክንጠቕስ-***

***ኢድሪስ ኢብራሂም፡ ያሲይ መሓሪ፡ ሰራጅ መሓመድ፡ ተኽሊያ ተስፋሂወት፡ ገብረእግዝኣብሄር ዘወልዱ፡ ተኽለዝጊ ሓምባርጊ ዓወት ያቁብ . . . (ካብ ተሰነይ)***

## ውድድር ሴካፋ ምስ'ዚ ክቡር ህዝቢ ኤርትራ!

ናይ ትሕቲ 15 ዓመት ኣህጉራዊ ውድድር ኩዕሶ እግሪ (ሴካፋ 2019) ብሰላምን ብውዕወዕ ህዋህውን ከም ዝተዛዘመ ኢዮም ዝተዓዘብና እንዝምስክር ሓቂ እዩ። ብቐዳምነት ከኣ ንተሳተፍቲ ናይ'ቲ ውድድር፡ ንተዓዛቢትን ህዝቢ ኤርትራን 'እንቋዕ ሓጎሰና' ክብሎ እደሊ። ኤርትራ፡ ቅድሚ ሕጂ እውን ካልእ ውድድር ኣኣንጊዳ ምንባራ ከይረሳዕኩ፡ ብዘለዋ ሰላምን ህድኣትን ከምኡ'ውን ኣብ ስፖርት ብዘጸንሖ ድሕሪ ባይታን ፍቕርን ኣህጉራዊ ውድድራት ንምክያድ ካብ ተመረጽቲ ሃገራት እትኾነሉ ባይታ እናሰፍሐ ይመጽእ ከም ዘሎ እዩ ኸኣ ዘርኢ።

ብሕልፊ ኣብ'ቲ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ትሕቲ 15 ዓመት እትጻወተሉ ግዜ፡ ስታድዮም ኣስመራ ካብ ጽት ናብ ጽት መሊኡ፡ ብፍናይ ደገፍ ደምጽታትን ዋዕዋዕ ምርኣይና ናይ መጸኢ ተስፋና እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ንኢጋደሽ ብኽብርን ብጭዋውነትን ከም ዝቕበል ኣርእዩ እንተ በልኩ እውን ካብ ሓቂ ኣይረሓቕኩን። እቲ ኣህጉራዊ ውድድር ብኹለንተናኡ ዘሐጉስ ይንበር ደኣ'ምበር፡ ደገፍቲ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራን ካልኦት ኣፍቀርቲ ስፖርትን ካብ ፈለማ ክሳብ ዝዛዘም ዘርኣዩዎ ደገፍን ጭዋውነትን ልዑል ብምዃኑ ከማሰግኖም ባህ ይብለኒ።

ከም'ቲ ስፖርት 'ንምሕዝነት፡ ንጥዕና፡ ንዕብየት. . .' ዝበሃል፡ እዚ ሹቶ'ዚ ብልክዕ ክሰምር ከሎ፡ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ርኢናዮ። ዓበይቲ፡ ህጻናትን መንእሰያትን ተዓዚቡ፡ ግርማ ኣልቢሶሞ፡ ኣድማቒሞን ናይ ሰላምን ምሕዝነትን ገድርሞን እዮም ቀጺዮም። ተጻወትቲና ይኹኑ ኣኻዮድቲ ናይ'ዚ ውድድር፡ ምስ ብዙሓት ኣብ ዓለም ስፖርት ዘለዉ ሰባት ከም ዝተላለዩን ምሕዝነት ከም ዝመስረቱን ግሁድ እዩ። ብኡ ማለት እውን ኤርትራ ሃገርና ኣብ ዓለም እትፍለጠሉ መድረኽ እናሰፍሐ ከም ዝኸይድ ኣየጠራጥርን።

እዚ ኩነታት፡ ንምስሊ ኤርትራ ሃገርና ዘጐልሕን ኣብ ቀጻሊ ኣብ ዝካየዱ ውድድራት ሓንቲ ካብ ተመረጽቲ ሃገራት ዝኾናሉ ምኽንያት ኣይሰኣነትን። ብዓቢኡ እዚ ውድድር፡ በዚ ዝተገልጸ መንገዲ ምፍጻሙ፡ ድማ፡ ኤርትራ ሃገርና ዝኸደለ እንተ ደኣ ኣማሊኣ፡ ዓበይቲ ኣህጉራዊ ውድድራት ከተኣንግድ ከም እትኽእል እዩ ዘመልክት።

ደጊመ "እንቋዕ ሓጎሰና" እናበልኩ፡ ኣብ ቀጻሊ ኣብ ዝካየድ ውድድራት፡ ከም ወትሩ ኣብ ስፖርት ዘለና ናይ ነዊሕ እዋን ፍቕርን ጭዋውነትን ንቕጽሎ ክብል እደሊ።

*ሄኖክ ካብ ኣስመራ*

# ማህደር ጀጋኑ

ሺሃብ ኣርኣያ

# ሰውራ ዝወለዶ ሕልና



ዑመር ዑስማን መ/ስዒድ (ሃኪቶ) ይብሃል። ኣብ 1978 ዓ.ም፡ ኣብ ናቕፋ ከባቢ ሸካ ተወሊዱ ኣብኡ ዓብዩ። ሳልሳይ ክፍሊ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቃሩራ ድሕሪ ምምሃር ኣብ 1995 ወርሒ 7 ብልዑል ሃገራዊ ወኒ ተደሪኹ ኣብ መበል 3ይ ዙርያ ናብ ሳዋ ወሪዱ። ኣብ 3ይ ክ/ሰ ዝተዓለመ ሃኪቶ፡ ታዕሊሙ ዛዚሙ ናብ ኮር 381 1ይ ብርጌድ ኣብ ከባቢ ኣቑርደት ተመዲቡ። ድሕሪ'ዚ ኣብ ህንጻዊ ስርሓት ግቡእ ሃገራዊ ዕማም ዓሚሙ ኣገልግሎቱ ወዲኡ ናብ ግዝኡ ተፋንዩ ኣብ ገጠራዊ ሂወት ዳግማይ ተመሊሱ በቲ ኣብ ሳዋ ዘጥረዮ ናይ ስራሕ ልምዲ መሊሱ ንኽሕይል፡ ተወሳኺ ድርዒ ፈጢሩሉ እዩ። ጸኒሑ ወፍሪ ንልምዓት ስለ ዝተባህለ፡ ዳግማይ ናብ ኮር 381 ኣብ ከባቢ ሻንበቆ ዛላታት ኣብ ምዝላይን ኣብ ሕርሻዊ ንጥፈታት ኣብ ምንጣፍን እጃሙ ኣበርኪቱ። ኣብ 1998ዓ.ም፡ ወርሒ 5 ቀዳማይ ወራር ወያነ ስለ ዝጀመረ፡ ብቀጥታ ናብ ድፋዕ ባድመ ድሕሪ ምምጻኡ ኣብ ባድመ ኑቲ ተወለዑ ዝነበረ ኩናት ገለ ኣሃዱታት ኣዘሐሊፎናአ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ሃኪቶ ዘሎዎም ኣሃዱ ናብ ዕርዲ ማይተምስ ከባቢ ሽራሮ ድሕሪ ምምጻኡ ወጋሕታ ልክዕ ሰዓት 4፡00 መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ወያነ ፈጺሙ። ዑመር ዑስማን መ/ስዒድ (ሃኪቶ) ኣብ ኮር 381 1ይ ብርጌድ፡ 1ይ በጦሎኒ፡ 3ይ ሓይሊ ቀዳማይ ጋንታ ኮይኑ ንብዙሓ ዝነበሮ ሓይሊ ጸላኢ ብኣጋ ከቕህሞ ተራእዩ። ብዮማን ኮር 161 ብጁጋም ሃኪቶ ዘለዎም ኣሃዱ ተዘርጊሖም ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ስርዓት ወያነ መጥቃዕቲ ድሕሪ ምፍናው፡ ጸላኢ ኑቲ ዝነበሮ ድፍዓት ገዲፉ ህድማ ተታሓሓዘ። ኣብ'ቲ ርሱንን ጻዕቂ ዝነበሮን ኩናት ዝተሰውኡ ጀጋኑ ብዓት ተኽሉ፡ ወዲ ዓብደላ፡ ኣኽበረትን ካልኦትን ኔሮም። ድሕሪ'ዚ ህሞት፡ ጸላኢ ዘለዎ ሓይሊ ኣጽዋሩን ሰራዊቱን ሒዙ ፊት ንፊት ክገጥሞ ጀመረ። ኣብ'ዚ ክርሳዕ ዘይብሉ፡ እቲ ዕላማ ቦታ ንምሓዝ ዘይተካ ንጸላኢ ኣሰንብደካ ክሰራታት ኣውሪደካ ምድኻሙ ጥራይ እዩ ኔሩ። ጀጋኑ ብዓል ሃኪቶ ኣይተኻእሉን። ኑቲ ተሃንዲዱ ዝመጸ ሓይሊ ጸላኢ ዳግማይ ዘፍ ኢሉ ክንሳሕብ ኣገደዱዎ። ጸላኢ ስለ ዝተዳኸመ ኮር 381 ብቐጥታ ማኪና ተሰቒሎም ናብ ገምሃሎ ብምምጻእ፡ ኣብኡ ዕርዲ ሓዘ። ድሕሪ'ዚ ብሓደሽ ኣወዳድባ ኮር 381 ናብ ሰለስተ ክፍላተ ሰራዊት ማለት፡ ክ/ሰ 18፡ ክ/ሰ 28፡ ክ/ሰ 38፡ ተለወጠ። ሃኪቶ ናብ ክ/ሰ 18፡ 3ይ ብርጌድ 1ይ በጦሎኒ 1ይ ሓይሊ 3ይ ጋንታ ተመደበ። ናብ ከባቢ ግዛ ገረህላሰ ድሕሪ ምምጽኦ ድፍዓት ኣብ ምድልዳልን ምኹዓትን ቀጸለ። ድሕሪ'ዚ ስርዓት ወያነ 1ይ ወራሩ ኣኽቲሙ፡ ን2ይ ወራር ኣብ ዝተሻባሸበሉ ህሞት፡ ንሕና ብለይቲ ናይ ቅድሚት ሓለዋ ኣውጺእና ከለና ስርዓት ወያነ መጥቃዕቲ ክኸፍት ኣጽዋሩን ሰራዊቱን ሒዙ ኣብ'ቲ ሓሊፍና ንቕድሚት ዓሪድናላ ዝነበርና ከርመድ ብዛንደበት መጽኣ። ዋርድያና ኣቐዲሙ ስለ ዝረኣየ፡ ተዳሊና ድሕሪ ምጽናሕ ተኾሲ ኣዘውቢናሉ። ጸላኢ ደማ ምውታትን ቀተሰልን ኩይኑ ተጸፊዑ ንድሕሪት ተመሊሱ። መራሒ በጦሎኒና ተኽለ (ግፋሓ)፡ ሓዪርና ንጉሆ ካብ'ቲ ቦታ ከም እንወጽእ ሓቢረና። ንሕና ደማ ትጽዝዝ ብምኽባር ንጉሆ ሰዓት 5፡00 ቅ/ቀትሪ መሬት ከይበርሀ ንድፋዓትና ተመለስና። ጸላኢ ብዱብዱብ ከቢድ ብረት ኑቲ ድፋዕ ትኪ ብትኪ ገበሮ። ንሕና ግና ኣብ'ቲ ሰሪሕናዮ ዝነበርና ድልዱል ካናሊታት (ኣንደራት) ድሕሪ ምዕቋብ፡ መሬት ብርሁ ክትብል ከሎ፡ ኣይሂ ደብዳብ ጸላኢ ኣቋረጸ። ጸላኢ፡ ኣጋር ሰራዊቱን እዚ ዘይበሃል ኣጽዋርን ኣኽቲቱ ናብ ድፋዕና ህጁም ጀመረ። እዚ'ውን ኣይሰመረሉን። ካብ መታኽቢና ወጺእና ንብምሉኡ ጸፊዕና ድሕሪት ከም ዝምለስ ገበርናዮ። ድሕሪ'ዚ ምሉእ መዓልቲ ጸላኢ ተደጋጋሚ ፈተነታት ድሕሪ ምክያዱ፡ ወግእ ኢድ ብኢድ ብጥማ ኮነ። ኣነ ክልተ ኣእጋረይ ብጥማ ኢድ ናይ ጸላኢ ተወጊአ። መውጋእተይ ክብድ ስለዝነበረ ንቢ.ንቢ.ናብ ብርንቱኳርን መጺኡ። ብጾትና ብዘይ ዕረፍቲ 2 መዓልቲ ተዋጊኦም ንጸላኢ ከቢድ ክሳራ ኣውሪዶምሉ። 125 ምሩኻት፡ ከምኡ'ውን ንኣሽቱን ዓበይትን ብረታት ብጀረ መጥቃዕቲ ማሪኾም። ኣብ'ዚ ክርሳዕ ዘይብሉ፡ ኣብ'ቲ ኩናት ዓቢ ተራ ዝተጻወታ፡ ኣዘዮን ሓያላትን ወፋያትን ደቀንስትዮ ነይረናና እየን። ኣኽበረት፡ ብሬን ሽሪጥ ሒዛ ንጸላኢ ቀሽሚዳቶ። ጓል የማነ'ውን ንዝተወግኡ ብጾትና እናልዓለት ብረቶም ሒዛ ናብ ቀዳማይ ረዲኤት ሕክምና ተብጽሖም። ኣብ'ቲ ኩናት ዝተሰውኡ ብጾትና፡ በረኸት (ሓኪም)፡ መሓመድ ዑመርን ካልኦትን ነይሮም።

ድሕር'ዚ ህሞት፡ ብጁጋማይ ወገን ጃላ ቦታ ብምንባሩ፡ ጸላኢ በቲ ጃላ ቦታ ክሓልፍ መዘምዘ። ኮር 161 ኣብኡ ጸኒሓ ግና፡ ዳግማይ ንጸላኢ ምሩኻትን ቁሱላትን ገዲራ ንድሕሪት ብምጽፋዕ ሕርሕራይ ገዲራ መርቀፈቶ። ድሕር'ዚ፡ ሃኪቶ ናብ ሕክምና ግንባር ማይ ደማ ይመጽኡ። ደሃይ ኣሃዱኡ ንምፍላጥ ምስ ብጻዩ ኀይትኦም፡ ካብ'ቲ ዝነበሩዎ ሕክምና ሞሊቖም ናብ ድፋዕ ይመጹ። ዝነበሮም መውጋእቲን ቃንዛኡን ዕድብ ከይበሎም፡ ብዘዕባ ኣሃዱኦም ሻቕሎቶም ሰማይ ብምዕራግ፡ ሕኑሕነ መውጋእቶም ዳግማይ ናብ ድፋዕ ኣትዮም ንጸላኢ ሓንሳብን ንሓዋሩን ከጥፍኡዎ ሕልሞም'ዩ ነይሩ። ኣሃዱኦም ኣብ ታባ ሰማይ ከባቢ ጎሰሞ መረብ ሰቲት ጸኒሓቶም። ሽዑ ሓኪም በጦሎኒ ቁስሎም ስለ ዘይሓወየ፡ ሰንቢዱ ተቐላጢፉ ናብ ሕክምና ማይ ደማ ብሓይሊ መለሶም። ኣብ ማይ ደማ ወርሒ ድሕሪ ምጽናሕ ደማ፡ ናብ ኣሃዱኦም ታባ ሰማይ መጺኦም። ብጾቶም ደማ፡ ብዕልልታን ጨብጨባን ተቐበሉዎም።

ኣሃዱና ኣብ ታባ ሰማይ ዳግማይ ጸረ መጥቃዕቲ ብምግባር፡ እቲ ኣጉዳሲ ቦታ ንምሓዝ ብዘለዋ ሓይሊ ተዳልያ ሰዓት 10፡00 ናይ ቅ/ቀትሪ መጥቃዕቲ ጀሚራ። በቲ ዝሓየለን ዝጸንከረን ርብርብ፡ መሬት ናብ እሳተ ጎመራ ተቐየረት። ኣብ'ቲ ርሱን ኩናት፡ እቲ በዓል ምሉእ ወኒ ሰራዊት፡ ኒታ ተሸጊሮ ዝነበረት ኣፉራት ጸላኢ ሃሪሙ ኣቃጺሉ። ክትቃጸል ከላ ኩሉ ኣባል ሰራዊት ብረቱ ንላዕሊ ገይሩ ብሓጎስ ተኩሱ። መራሒ በጦሎኒና ግፋሓ፡ "ተኾሲ ኣቋርጹ" ክብል ከሎ፡ ምስ'ቲ ዝነበረ ወኒ ዝሰምዖ ኣይነበረን። መጥቃዕቲ ምስ ተዛዚሙ፡ ንከባቢ ጹብራ ገጾም ድሕሪ ምምጻኦ፡ ኣብኡ ቁሩብ ጸኒሖም፡ ከም እንደገና ንከባቢ ፋውሊናን ከባቢ ደንበ ኳኹቶን መጺኦም፡ ድፍዓት ኣብ ምስራሕ ተጸምዱ። ድፍዓት ድሕሪ ምድልዳል ቀዳመይቲ በጦሎኒ ንታዕሊም ፓራትሮማንዶ ናብ ባረንቱ-መኸተ ድሕሪ ምምጻኡ፡ ወርሒ ከይመልኣት ሰዓት 3፡00 ድ.ቀትሪ ታዕሊም ኣቋሪጹ ብማካይን ናብ እላላ ኣምሪሐት። ሽዑ ለይቲ፡ ዕጥቅን ቦማባን ተወሲኽዎም ከድ ሓዲርም ናብ ትኹል ኣተወ። ኣብ ዓዲ ሓንፈጽም መራሒ ብርጌድ ወዲ ገሬ ጸንሖም። ናይ እንዳ 18 እዩ። "ጸላኢ ከም ኣመሉ መጥቃዕቲ ጀሚሩ ኣሎ። ኣጆኹም ብቕድመኹም ስለ ዘሎ ተጠንቀቑ" ብምባል ሞራልን መጠንቀቕታን ዝሓዘ ሓበሬታ ኣመሓላለፈ።

እቲ ቦታ ገፊሕ ስለ ዝነበረ ጸላኢ በቲ ሱብ ዘይብሉ ቦታ ሓሊፉ፡ ንመረብ ሰጊሩ ኣብ ከባቢ እንዳ ኣባ ስምኦን ገጹ እዩ ነይሩ። ንሕና ደማ በጋንታን ሓይሊን ተዘርጊሕና፡ በጦሎኒና ንጸላኢ ፊት ንፊት ክትገጥሞ ጀሚራ። ሽዑ ንጸላኢ ሰንጢቕና ንውሽጢ ስለ ዝሓለፍናዮ፡ ንድሕሪት ተመሊሱ ተበሂልና። ንድሕሪት ተመሊስና፡ ካብ እንዳ ምናሴ ክሳብ ዓዲ ሓንፈጽ ዘሎ ዓሪድና፡ ዘዝመጸ ጸላኢ ክንቀሽሞድ ሓደርና።

እቲ ዘገርም ነገር፡ ኣብ ግዛ ገረህላሰ ሰራዊትና እናሃለወ፡ ወያነ ኑቲ ዘሕፍር ክሳራኡ ንምሽፋን፡ "ግዛ ገረህላሰ ሒዝናያ ኢና"ብምባል፡ ንህዝቡን ዓለምን ከተደናግር ፈቲኑ። መንግስቲ ኤርትራ፡ ናይ ወሽጥን ናይ ደገን ጋዜጠኛታት ብምዕዳም ኑቲ ከም ቀጽሊ ዝረገፈ ሰራዊት ወያነ ኣብ ባይታ ምስ ኣርኣየ ግና፡ ዓለም ተገሪሙት። ወያነ ደማ ካብ ሓሶትን ሕፍረትን ተጐልበበት። ኣብ'ቲ ርሱን ኩናት መራሒ ሓይሊ ተጋዳላይ ወዲ ክቡድ፡ ሓይሉ መሪሑ "በለን" እናበለ፡ ኣብ ታባ ስምኦን ብጅግንነት ተሰውአ። ግርማይ መራሒ ሓይሊ'ውን፡ ብጅግንነት ተሰውኡ። መሪሕ መራሒ ሓይሊ ምስ ተወግአ ከኣ፡ እታ ከም ኣራብ ትናጠር ዝነበረት ትርሓስ ምልክቱ፡ ሬድዮ ርክብን ምስጢራዊ ወረቓቕቱን ብምሓዝ፡ ንመራሒ ሓይላ ምስ ብጾታ ብምኻን ድሕሪ ምልዓል፡ ኣብ'ቲ ህጡር ኩናት ክትረጋገጽ ወዓለት። ኣብ'ቲ ኩናት ንኽልተ መዓልቲ ድሕሪ ምጽናሕ ከኣ፡ ኣዝልቑ ስለ ዝተበሃልና ኣብ ከባቢ ዓደብዓረ ሓዲርና ወዓልና። ጸላኢ ከም እንደገና ደብዳብ ነፈርቲን ከቢድ ብረትን ድሕሪ ምግባር፡ ኣጋር ሰራዊት ኣሰሊፉ ናብ እንዳ 'ፈታዊ ሰገ' መጽኡ። ኣብኡ ምሉእ መዓልቲ ድሕሪ ምውዓል፡ ብወገን ጋሽ-ባርካ ባረንቱ ኣትዩ ተባሂሉ ስለ ዝነበረ፡ ኣብ'ቲ ቦታ ከኣ ሰለስተ መዓልቲ ጸኒሕና ስለ ዝነበርና፡ ናብ ማይ ደማ ኣንሰሓብና።

ኣብ ዓዲ ብሌናይ ዝበሃል ቦታ የዕሪፍና ኣብኡ ወዓልና ሓዲርና። ንጽባሒቱ እቲ ኣብ ዓዲ ንፋስ በጺሑ ዝነበረ ጸላኢ ኣብ'ቲ ዝተጸበናዮ ቦታ ስለ ዘይመጸ፡ ኣብ ዓዲ ንፋስ ኬድና መጥቃዕቲ ብምኽፋት ኣብ ልዕሊኡ ከቢድ ክሳራ ኣውሪድና ንድሕሪት ግዱ ከም ዝሃድም ገበርናዮ።

ካብ'ቲ ዘገርም፡ ሰራዊት ወያነ ብድሕሪኡም ኮይናም "እተው" እናበሉ ዘፈራርህዎም ስለ ዝነበሩ፡ ክልተ ካብ ወትሃደራት ጸላኢ ብምሕር ፍርሒ ኣብ'ቲ ቦታ ኣጽቂጦም ድሕሪ ምጽናሕ፡ ንዓና ምስ ረኣዩ ኢዶም ክህቡ ናባና መጽኡ። ኣብ ባህሊ ህዝባዊ ግንባር፡ ዝተማረኸ ጸላኢ ኣይትቕተል ስለ ዝብል፡ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ኣብጺሕናዮም። ኣብቲ ኩናት ካብ ዝተሰውኡ ብጾት፡ መርዕኡ ሰለስተ መዓልቲ ተሪፋዎ ዝነበረ ካሕሳይ (ወዲ ሰንዓፈ)፡ መሓመድ ኣደምን ካልኦትን ነይሮም።

ምሉእ መዓልቲ ውዒልና ከባቢ ሰዓት 5፡00 ድ.ቀትሪ ናይ 161 ክ/ 36 ኣብ'ቲ ቦታ መጺኦምና። ኣብ'ቲ ዝነበረ ናይ ድፋዕ ምርኽኻብ - ሃኪቶ - ተወግአ። ንሶም ክወጽኡ እተን ኣሃዱታት ክኣትዋ እንከለዋ ሃኪቶ ብፍንጫል ሞርታር ናይ ጸላኢ ኣብ ኢዱ፡ እግሩን ርእሱን ተወጊኡ፣ ምስኡ ዝነበሩ ካሕሳይን፡ ተኽሊትን እውን ተወጊኦም ንሕክምና ዓላ ኣምሪሖም። ኣብ'ዚ ክርሳዕ ዘይብሉ ህዝብና ዘርኣዮ ተወፋይነት'ዩ። ኣዴታት ጥሕኒ፡ እንጣጢዕ ቅጫን ካልእን ሒዘን ኣብ ከባቢ ዓረዛ ዝነበራልና እንግዶት ካብ ዝኽረይ ዘይሃስስ'ዩ። ድሕሪ'ዚ ጸላኢ ረብሪቡን ተዳኺሙን ስለዝነበረ፡ ኑቲ ዝጸንዖ ዝነበረ ጽፍዒት ተረዲኡ፡ ቦታታት ገዲፉ ሃደመ። ንሕና ደማ ሓዊና፡ ካብ ሕክምና ናብ ኣሃዱታትና ተመሊስና ኣብ ከባቢ ትኹል ተጸንበርና።

ምስጉን ተኽለይ (ዋርሳይ )

ሓበሬታን ንብዓሽን ሓይሊ ባሕሪ

# ንእፍልጠ

ጆሚ/ ደጆን ተኽለ

## ደብዳበ ፍቕሪ ንፍቕሪ ክትብሊ

ዳናይት፡ ሎሚ ንድሕሪት ምልስ ኢለ ፍቕሪ ክልቴና ዝሓለፎ ምቁር ህይወት ክዘክር እንከለኹ ነቢዐ ዝጽሕፍ ኣይኮንኩን፡፡ ቅድሚ ሰለምታ ቃንዛይ ስለ ዘሰማዕኩኺ ግን ይቕረታ ግበርለይ፡፡ ሎሚ ልበይ ኣብ ንብር ሰፈራን ህዱእ ህርመታን የላን፡፡ ምስ



ምኻድኪ ኩሉ ኣብ ውሽጣ መሊኡ ዘበረ ሓጎስ ተሰዊሩ'ዩ፡፡

ዘይጽወር ፍቕርኺ ኣብ ጥራይ ጉልጉል ክርስዮን ኩላኮን ዘኽእል ሓይሊ የብሊይን፡፡ ነታ ወትሩ ኣለኹ ኣብ ጉንኻ እናበልኪ ፍቕሪ ትምግብየ ዝነበርኪ ልበይ፡ ሎሚ ብሓንቲ ጌጋ ክትፈርድያን ክትርሕቅያን ምውሳንኪ፡ ኪና ልበይ ፍቕሪ'ውን ከም ዘኽዕበኪ ዘስተውዓልኪ ኣይትመስለንን፡፡ ተራኺብና ከይተጸጋዕና ብሰንኪ'ቲ ማሰዋእቲ ከፊሉ ንፍቑራት ከሐጉስ ደው ዘይብል ግዜ ንፈላለ ከም ዝነበርና ኣነ'ሞ ንሓዋሩ ዝርስዖ ኣይኮንኩን፡፡

ዝኽኣል እንተዝኸውን ካብ ብቓላተይ ብዝግበር ልበይ ጩዳደ ኣብ ልዕሌኺ ዘሎ ፍቕሪ ከርእየኪ ምሓሸኒ፡፡ ፍቕሪ ዘልመድክዮ ልበይ ንጽልኢ ትኽእሎ ኣይኮነትን፡፡ ድሮ'ኳ ዘይጽዓድ መንፈሰይ ማህሚኑ ነዛ ንፍቕርና ናብ ንብር ክትመልስ ዓቢ ተስፋን ትጽቢትን ገይረ ዝሰይልኪ ዘለኹ ቁጽሊ ወረቐት፡ ብኽንደይ ሓይሊ'የ ምስ ውሕጅ ንብዓተይ እናተቓለስኩ ዝጽሕፈልኪ ዘለኹ፡፡

ፍቕሪ ዝጠመረን ልብታትና ካብ ክፈላለያ ክቀራረባ ከም ዝምኒያ ክትፈልጢ ንፈንወንነ'ሞ፡ እናዘለላን እናዓንደራን ብሓጎስ ተፈንጨሐን ባዕለን ከም ዝጋጠማ ኣይጠራጠርን'የ፡፡ ሃገር ጓል ገይርክዮ ሓንሳብ ዘውጻኹዎ ቃል ከም ዘይክፈኣ ዝስሕቶ ኣይኮንኩን፡፡ ከይተረኣኣና ክንቅኒ ኣይኮነን፡ እንተውዓልናኳ ክሳብ ክንደይ ሸቐልቀል ክንብል ንውዕል ከም ዝነበርና ኣኻብ ረሲዕክዮ ክርድኣኒ ኣይከለን ዘሎ፡፡

ብዘይካኺ ትፈልጣ ዘይብላ ልበይ ብድሕሬኺ ቀሲና ኣዒንታ ሰለም ክትብልን ህይወታ ክትመርሕን ኣይክኣለትን፡፡ ጸልማትን ጸምዋን ሰዒርዎ፡ ነዛ ምፍጣረይ ጸሊኡ ህይወተይ ከይዝርግ ብዘይ ቀልዓለም ሓገዘኒ እደሊ ኣለኹ፡፡ ፍቕሪ ዘሰኑ ልበይ ብጽምዋ ተበሊዓ ብትዝታ ናፍቖትኪ ምኽኣል ስኢና ኣላ'ሞ፡ ንፍቕሪ ክትብሊ ንኹሉ ረሲዕኪ ቅረብኒ፡፡

## ደሴት በርሙዳ

ደሴት በርሙዳ ኣብ ሰሜናዊ ጫፍ ኣትላንቲካዊ ውቅያኖስ እትርከብ ኮይና፡ ልዕሊ 150 ንኡሳን ሓወሲ ደሴታት ኣማእኪላ ትርከብ፡፡ ካብዘን ብዙሓት ደሴታት ግን፡ ሽዱሽተ ጥራይ እየን ልዑል ትኹረትን ተፈላጥነትን ዝወሃበን፡፡ ሶመረሰት፡ ኢያርላንድ፡ ሰይንት ጆርድ፡ ሰይንት ደቨሲ፡ ቦኣዘን ሃሚልተንን ብምንጻር ዘለዋ ዕበየትን ጸባቐን ርእሱ ክትማ ደሴት በርሙዳ እያ፡፡



ደሴት በርሙዳ ኣስታት 53 ት.ኪ.ሜትር ስፍሓት ኣለዋ፡፡ ብዘለዋ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣ መኣዲ ናይ ዝተፈላለዩ ባህርያውያን ክስተታት (እሳተ-ጎመራ) እያ፡፡ ብተወሳኺ፡ ኣብታ ደሴት ዘሎ መጠነ ማይ ኣብ ዝናብ እዩ ዝምርኮስ፡፡ ጽቡቕ መጠን ዝናብ ኣብ ዝወቕዖ ቦታ ዝተደኮነት በርሙዳ ብማእከላይ ገምጋም ዓመታዊ 1,500 ሚ.ሜ ዝዓቐኑ ዝናብ ትረክብ፡፡ እዛ ንብዙሓት በጻሕቲ ምቹእ ዝኾነ ክሊማ ከም ዘለዋ እትግለጽ ደሴት፡ ኣብ እዋን ቀውዒ ኣስታት 17 ዲግሪ ሰንቲግሬይድ ዝዓቐኑ መጠነ ሙቐት ክተመዝግብ እንከላ፡ ሙቐታ ብዝተዓጻጸፈ ኣብ ቅነ ክረማት ክሳብ 26 ዲግሪ ሰንቲግሬይድ ይበጽሕ፡፡

ደሴት በርሙዳ ልዕሊ 80 ሽሕ ተቐማጦ ኣለውዋ፡፡ ዓመታዊ ልዕሊ 500 ሽሕ በጻሕቲ ተኣንግድ፡፡ ናይ ገዛእ-ርእሳ ምምሕዳርን ሰንደቕ ዕላማን ትውንን፡፡ ወግዓዊ ባጤራኣ ድማ ዶላር በርሙዳ ይበሃል፡፡

## ዩራንዩም፡ ዓለም ንምዕባለን ዕንወትን ትጥቀመሉ ዘላ ባእታ




ንዓለም ኣገዳሲ ኮይኑ ዘሎ ባእታ'ዩ፡፡ ዩራንዩም ሓደ ካብ ኣብ 'ፐርዮዲክ ቴብል' እንርእዮም ብረታዊ ባህሪ ካብ ዘለዎም ባእታታት'ዩ፡፡ ጽሩይ ዩራንዩም ንኣልሚንዮም ወይ ብሩር'ዩ ዝመስል፡፡ ካብ ብረታዊ ባህሪ ዘለዎም ባእታታት ዝያዳ ዝኸበደ'ዩ፡፡ 0.3 ሜትር ኩዕቦ ዩራንዩም ልዕሊ ፍርቂ ቶን ይምዝን፡፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ኣቶም ዘሎ ሓይሊ ጸዓት ንኽወጽእ ዓቢ ሓገዝ ገይሩ'ዩ፡፡ ዓለም ነዚ ኑክሌራዊ ጸዓት ንምዕባለን ዕንወትን ትጥቀመሉ'ላ፡፡ ሓደ ኣቶም ክምቀል ከሎ ዘይተኣደነ ጸዓት'ዩ ዘመንጩ፡፡ ከም ዩራንዩም ክፍንጩሉ (ክምቀሉ) ከለዉ ዝሓየለ ጸዓት የመንጭው፡፡ ሓደ ኪ.ግራም ዩራንዩም ከበቢ ሰለስተ ሚልዮን ኪ.ግራም ከሰል (Coal) ከመንጭዎ ዝኽእል ጸዓት ከመንጩ ይኽእል፡፡ ዩራንዩም ቀስ እናበለ እዩ ዝፍንጨል፡፡ ሓያል ጸዓት ገለ ጥረ ነገራትን ኣብ ከርሱ ይፍንጀሩ፡፡ ኣብ ሓደ ግዜ ውሑዳት ኣቶማት'የም ብሓደ ክፍንጨሉ ዝኽእሉ፡፡ ኣብ ኣቶሚክ ቦምብ ግን ብዙሓት ተሓቚኖም ብሓደ ከም ዝምቀሉ ይግበር፡፡ ሽዑ ዓቢ ነታጒ ይኸውን፡፡ ዩራንዩም ዝውንና ሃገራት ቁጡባትን ዝበረኸ'ዩ፡፡ እንተኾነ፡ ዕደና ዩራንዩም ኣገዳሲ ዓቕሚ ዝሓትትን ኣህላኽን'ዩ፡፡

ምንጪ፡ National Geography

### ጥቕሲ ልቦና

"ልቢ እንተቐኒዓ - ውልቃዊ ህይወትካ ይፈሪ፡፡ ውልቃዊ ህይወትካ እንተፈርዩ፡ ናይ ስድራኻ ህይወት ድማ ስሩዕ ይኸውን፡፡ ህይወት ስድራኻ እንተተሰሪዑ ናይ ሃገር ህይወት ድማ ይስራዕ፡፡ ናይ ሃገር ህይወት እንተተሰሪዑ ድማ ዓለም ሰላም ይህልዋ፡፡"

ኮንፉዩሽስ

## ቲምቡክቱ

ቲምቡክቱ፡ ኣብ ማእከላይ ሃገረ ማሊ እትርከብ ከተማ እያ፡፡ እዛ ከተማ ጥቓ ደብባዊ ጫፍ ምድረበዳ ሰሃራ፡ ካብ ፈለግ ኒጀር 12 ኪ.ሚ. ንሰሜን ተደኲና ትርከብ፡፡ ኣብ ኣስታት 1100 ዓም ከም መንበሪ ሰበኽ ሳሮምዝውያን ኮይና'ያ ጀሚራ፡፡ ኣብ 1300 ዓም ማንሳ መሳ ግዚኢ ናይ ማሊ ምስ ኮነ ግን፡ ኣገዳሰነት ቲምቡክቱ ክዕብዝዝ ከኣለ፡፡ እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ማንሳ መሳ ቲምቡክቱ ንጋዶን ምሁራትን ሰሜን ኣፍሪቃ ከም እትማርኽ ስለ ዝገበራ እዩ፡፡ ከም ወጽኢቱ፡ ናይዚ ማእከል ልውውጥ (ንግዲ) ኣብ መንጎ ሰሜን ኣፍሪቃን ምዕራብ ኣፍሪቃን ኮነት፡፡

ነጋዶ ካብ ሰሜን ኣፍሪቃ ብቃፍላይ ኣግማል ከም ፕዙብ ዘበልግል ዛዕባል፡ ጨው፡ ዓለባ፡ መጻሕፍቲ፡ ተምርን ሰረሓት ሓጺንን ናብ ቲምቡክቱ የምጽኡ ነበሩ፡፡ ነጋዶ ቲምቡክቱ ብወገኖም ወርቂ ሰ. ሓርማዝ፡ ባሪዶን ካልእን ምስቶም ሰሜን ኣፍሪቃውያን ይለዋወጡ ነበሩ፡፡ ቲምቡክቱ እናበልጸገት ስለ ዝኸደት ማእከል ማህደረ ትምህርቲ ናይ ታሪኽ፡ ሕጊ ከምኡ'ውን ሃይማኖት ምስልምና ኮነት፡፡

ኣቀማምጣ ከተማ ቲምቡክቱ ንመጥቃዕቲ ባዕዲ ቃልዕ ስለ ዝነበረ፡ ንብዙሕ ዓመታት ኣብ ቁጽጽር ዝተፈላለዩ ወረርቲ ወዲቓ'ያ፡፡ ንኣብነት፡ ካብ 1200ታት ክሳብ 1800ታት ኣብ ዘሎ እዋናት ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ማሊ፡ ሰበኽሳዋም ቱዋረግ፡ ግዝኣት ሶንጋይ፡ ሞሮኮ፡ ፉላኒ ከምኡ'ውን ግዝኣት ባምባራ



ኣትያ'ያ፡፡ እዛ ከተማ ካብ መፋርቕ 1890 ክሳብ 1959 ኣብ ትሕቲ ፈረንሳ ጸኒሓት፡፡ ማሊ ኣብ 1960 ናጽነታ ካብ ፈረንሳ ረኺባ፡፡ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ካብ 1300ታት ክሳብ 1600ታት ሓንቲ ካብተን ዝበልጸጋ ናይ ንግዲ ከተማታት ኣፍሪቃ'ኳ እንተነበረት፡ ብድሕሪኡ ኣብ ዝሰዓበ ዓመታት ግን፡ ኣገዳሰነታ ክጎድል ጀመረ፡፡ ማዕረ ማዕረ'ዚ ብዝሒ ህዝባ'ውን ክንክይ ተራእዩ፡፡

ኣብዚ እዋን'ዚ ቲምቡክቱ ታሪኻዊ ኣገዳሰነታ ተራእዩ ብዩኔስኮ ኣብ መዝገብ ዓለማዊ ውርሻ (world heritage) ኣትያ'ያ፡፡ እቶም እትውንኖም ብፍሉይ ኣገባብን ቅድን ዝተሰርሑ ህንጻታትን ታሪኻውያን ቅርስታትን ብበጻሕቲ ሃገርን ምሁራትን ተባህጊት ይጉበኑዋ፡፡ ምስ'ዚ ብዝተኣሳሰር ብሰንኪ ኣብ ማሊ ዘሎ ጸጥታዊ ሽግር፡ ከተማ ቲምቡክቱ ከይትዓኑ ዝሰግእ እዩ፡፡ ንኣብነት፡ ብኣንሳረዲን ዝፍለጡ ምስ ኣልቃዒዳ ርክብ ዘለዎም ኣኽረርቲ ዕጡቓት፡ ነታ ከተማ ንዝተወሰነ ግዜ ተቖጻጺሮማ ኣብ ዝነበሩሉ እዋን፡ ንገለ ካብቶም ታሪኻውያን ህንጻታት ኣዕንዮም ነይሮም'ዮም፡፡ እዚ ኩነት ብታሪኽ ኣብ ዝጋደሱ ወገናት ዓቢ ስንባደ ፈጢሩ እዩ፡፡

## መልሲ እተመሳቐለ ቃላት ስርሑ መም ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

| | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ዓ | መ | ት | | አ | ር | እ | ያ | | ዕ | ላ | ም |
| ራ | ብ | ዓ | ይ | | ቦ | ር | ታ | | ን | ፋ | ስ |
| ት | ጽ | ብ | ጽ | ብ | | ባ | | ባ | ባ | | ላ |
| | ዓ | ር | በ | ረ | ቡ | ዕ | | ዞ | ባ | | |
| | | | | ት | ን | ተ | ና | | | ገ | ዛ |
| | ጸ | ወ | ዓ | | ታ | | ሀ | ላ | ወ | | ላ |
| መ | | ጸ | መ | ወ | | መ | ሪ | ሕ | ነ | ት | |
| ስ | መ | | መ | ስ | ማ | ር | | ጸ | ነ | ገ | |
| መ | ሰ | ረ | ት | | | ገ | ለ | ጸ | | ር | አ |
| ስ | ሓ | ብ | | ቀ | መ | ም | | | መ | ፍ | ረ |
| | ሊ | ረ | | ሰ | ር | | ዓ | ለ | ለ | | |
| | | በ | ሪ | | ዓ | ር | ቢ | | ሳ | ም | ዕ |

# ሸባብ

ሃማመተኤ

## ሓሳባት

# ምክልኻል ፈክ ኒውስ

*ኵሉ ዝበረረ ዑፍ ኣይኩነን*

ኣብርሃም ዮሃንስ (ወዲ-ዕቋር)

ኣብ ዓመት 2003 ሓንቲ ካብ ዓበይቲ ጋዜጣታት ዓለም ዝኾነት ኒወርክ ታይምስ ብተኸታታሊ ሓደ ጽሑፍ ተኣንግድ ነበረት። እቲ ጽሑፍ ብዛዕባ ኣዕናዊ ኣጽዋራት ዒራቕ ዝምልከት'ዩ። እታ ጋዜጣ ንቓላት ፕረዚደንት ቡሽ ምርኩስ ገይራ ጽሑፋ ትዝርግሖ ነበረት። 'ዒራቕ ኣዕናዊ ኣጽዋር ኣለዋ። እዚ ኣጽዋር ንኣሜሪካን ዓለምን ሓደገኛ'ዩ፡' ዝብል ሕመረት ትሕዝቶ እታ ጋዜጣ ነበረ። "ዝተደጋገመ ሓሶት ሓቂ ይኸውን" ከም ዝብሃል ህዝቢ ኣሜሪካ'ውን ምስ ግብረ ሽበራዊ መጥቃዕቲ 9/11 ኣተሓሒዙ ራዕዲ ኣትዩዎ ብምንባሩ ነቲ ሓበሬታ ኣመኖ። ኵህዝቦም ዝእመኑ መራሕቲ ኣሜሪካ ክሳዕ ሕጂ ክትሕወዩ ዘይክኣሉት ዕንወት ንዒራቕ ኣውረዱላ። ብኣንጻሩ ኸኣ ሚኒስተር ዜና ዒራቕ ነበር፡ "ምድረበዳ ዒራቕ ንኣሜሪካውያን ውሒጥዎም፡" ብምባል ሞራል ህዝቢ ንኸበርኽ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ይዝርግሕ ነበረ። ኵሉ ሓሊፉ እዋን ተቐላዕ ተቐላዕ መጺኡ። መራሕቲ ኣሜሪካን መራኸቢ ብዙሃን ኣሜሪካን ዒራቕ ኣዕናዊ ኣጽዋር ከም ዘይነበራ መስከሩ። እቲ ምድረበዳ ዒራቕ ንኣሜሪካውያን ውሒጥዎ ዝብል ዝነበረ መራሒ'ውን ንገዛእ ርእሱ ተዋሒጡ። ከምዚ ዓይነት ናይ ሓሶት ዜናታት ብተደጋጋሚ ውልቃውን ሃገራውን ዕንወት ከኸትል እንዕዘቦ ዘለና'ዩ። ምስ ምስፍሕፋሕን ዕቤት ቴክኖሎጂ ኢንተርነትን ተንቀሳቓሲ ተለፎንን ንዝርግሐ ሓቀኛን ሓሶትን ዜና ብፍጥነትን ብዝሕን ይዕብዩዎ ይርከቡ። ሎሚ ሓቂ ካብ ጽውጽዋይ ክትፈሊ ዳርጋ ተሰኡ ዘቐርጽ ኩይኑ'ሎ። ካብ ብሓሶት ትናወጽ፡ ሓቂ ፈሊጥካ ምርጋእ ይበልጽ። ስለዚ ሓሶት ካብ ሓቂ ወይ ሓቂ ካብ ሓሶት እንፈልየሉ እንኽእል ገለ ገለ ኣጋባብት ደስዕብ፡

### 1. ክሪቲካላዊ ስነኣእምሮ ኣማዕብል

ንፈክ ኒውስ (ናይ ሓሶት ዜና) ዓቢ ጉዳይ ዝገብሮ ተኣማንነቱ'ዩ። እዚ ማለት ድማ ብቐሊሉ ቡቲ ሓበሬታ ከም ትትሓዘ'ዩ ዝገብረካ። ዝበዝሑ ናይ ፈክ ኒውስ ሓበሬታ 'ነውጺ' ንምፍጣር'ዮም ዝጸሓፉ። በዚ ምኽንያት ድማ'ዩ ህውኽ ስሚዒት ካብ ንኽትል፡ ሓላፍነታዊ ግብረ መልሲ ክንህበሉ እንግደድ። ከናውጸና ኢሉ ንዝተዘርግሐ ሓበሬታ ኣብ ክንዲ ህንዱድን ስሚዒታውን ግብረ መልሲ እንህበሉ ርትዓውን ክሪቲካላውን ኣተሓሳስባ ብምምዕባል ግብረ መልሲ ክንህበሉ ንግደድ።

ነዚ ንምግባር ድማ ንኑብስና እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ንሕተታ። ስለምንታይ እዩ እዚ ዛንታ ተጻሒፉ? ገለ ኣመለኻኽታ ንኽኽትል ድርኺት ንምፍጣር ደዩ ተዳልዩ? ዝተወሰነ ፍርያት ንኽዕድግ ከሰድዓኒ ደዩ ተዳልዩ? ወይ ንኻልእ መርበባት ሓበሬታ ክፍትሾም'ዩ ደለዩ? ብምባል ብኸሉ ኵርንዓት ክንምልከቶ ይግብኣና።(ክሪቲካላዊ ኣተሓሳስባ መዝገበ ቃላት እንግሊዝኛ-ትግርኛ ነቐፌታዊ፡ ህየሳዊ ኣተሓሳስባ ብምባል ትርጉም ይህቦ።)

### 2. ምንጩ ኣረጋግጽ

ዝበዝሑ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ዝተረጋገጸ ወይ ሓቀኛ ምንጪ የብሎምን። ገለ ገለ'ውን ምንጪ ሓበሬታ ቅድሚ ሕጂ ተሰሚዖም ዘይፈልጡ'ዮም። እዚ ማለት ግን ነባራት ወይ ብተደጋጋሚ እንሰምዖም ምንጪ ሓበሬታ ኣይሕሰውን እዮም ማለት ኣይኮነን። እንታይ ድኣ ነባራት ዝጥረይዎ ስምን ዝናን ከይዓኑ ጥንቃቐ ክገብሩ ይኽእሉ'ዮም ካብ ዝበል'ዩ። ስለዚ ቅድሚ ሕጂ ሰሚዕናዮን ርኢናዮን ዘይንፈልጦ ምንጪ ምስ ዘጋንፈና፡ ኣብ ክንዲ ንመልሰን ዝርግሐን ኵህወኽ፡ እዚ ምንጪ መን'ዩ? ሞያዊ ብቕዓቱ ከመይ'ዩ? ሞያዊ ትንተናን ሓበሬታን ደዩ ዝህብ ዘሎ'ስ ዋላ ንሓቂ'ዩ ዘጋንን ዘሎ? ዝብሉ ኵርንዓት ጠመተ ብምኽታል ንሓበሬታ ካብ ምንጩ ክነረጋግጾ ንፈትን። ምናልባት እዚ ኸሉ ሃለኽለኽ እንታይ ገደሰኒ ክንብል ንኽእል ኢና፣ ነዚ ርእይቶ ከም ቅቡል ወሲድና፡ ክንሃልከሉን ክነረጋግጾን ዘይንኽእል ሓበሬት ድማ ኣይንዝርግሕ።

### 3. ነዚ ሓበሬታ ካልእ መን ይዝርግሖ ኣሎ ኣረጋግጽ

ሓደ ሓበሬታ ምስ ተዘርግሐ ብብዙሓት ማዕከናት'ዩ ዘደጋግም። ስለዚ ንዝርኸቡኖ ሓበሬታ ካልኦት ከ ይዝርግሑኦ ኣለዋ ዶ ምባል ኣገዳሲ'ዩ። ካብ ዝተፈላለየ ምንጪታት ብምክትታል ኵርናዕ ርእየትካ ምስፋሕ ይክኣል'ዩ። ብርኽት ዝበሉ ወገናት ንዓበይቲ ማዕከናት ዜናን ውድባትን ዝዝርግሕኦ ሓበሬታ ከም ሓቀኛ ሓበሬት ይወስድዎ'ዮም። ከም መርጋገጺ'ውን ይጥቀምሉ። እዚ ማለት ግን ሓሶት ዘየቕርባ ሓቂ ጥራይ ሕላግተን ማለት ኣይኮነን። ንዝተፈላለየ ፖለቲካ'ውን ቁጠባ'ውን መኽሰባተን ኩብላ ንሓበሬታ ብዝጥዕመን ክእንግዶኦ ይረኣያ እየን። 'ካብ እመት ስድሪ ኣላታ' ከም ዝብሃል ግን ተሓታትነትን ሓላፍነትን ክህልዎን ስለ ዝኽእል፡ ሓበሬታ ንምርግጋጽ ናብ ፍሉጣት መርበብ ሓበሬታ ዘወር ምባል።

### 4. መርትዖ ምርግጋጽ

ተኣማንነት ዘለዎ ሓበሬታ ብዙሕ ሓቅታት'ዩ ዝእንግድ። ጥቕስታትን ብህሎታት ከኢላታት፡ ዳህሳሳዊ ዳታን ወግዓዊ ቍጽራዊ ሓቅታት ገለ ካብቶም ዘካትቶም'ዮም። እንርእዮ ሓበሬታ ከምዚ ምስ ዝጎድሎ ምሕታት ኣይንረስዕ። እቲ ሓበሬታ ካብ ኣዕርኹትናን ፈለጥትናን ምስ ዝውሃበና'ውን ብሕቶታ ሓቅነቱ ነውሕስ።

ገለ ገለ ሓበሬታታት እውን ሰባትን ቍጽራዊ ሓቅታትን ጠቒሶም ከብቅዑ መኣዝኑ ጠምዘዞም የቕርብዎ። ነዚ ንምብዳህ ድማ እቲ ቍጽራዊ ቐምር ብወግዒ ክሕብርን ክምልከቶን ዝኽእል ትካል ወይ ሰብ መርበቡ ወይ ናይ ሓበሬታ ዝዝርግሐሉ ማዕከን ምውካስ። እዚ ኵውንነታዊ ወይ መርትዖ ዘለዎ ሓበሬታ ብሓቂ ዘጋጠመ ደዩ? ኣመለኻኽታይ ክቕይር ዝተመዛበዐ ሓበሬታ ደዩ? ዝብል ሕቶታት ንኑብስና ካብ ምሕታት ኣይንብከር።

### 5. ናይ ሓሶት ምስልታት (ስእሊ) ከይከውን ምርግጋጽ

ንኽህረም ዝተደለየ ሸቶ ንምውሓስ ንዘይነበረን ዘይተገበረን ከም ዝተፈጸመ ንምምሳል ብዙሕ ጥበባት ስእሊ'ዩ ዝግበር። ናይ ካልእ ፍጻመ ስእሊ ቈሪጽካ ብምምጻእ ምስቲ ዝደለኻዮ ሓበሬታ ምውሳብ፡ ዘይነበረ ስእሊ ምስናዕ ሎሚ ናይ ሓሶት ዜናትት መስርሒ ዝጉብርዎ ዘለው'ዮ። ሕጂ'ውን እታ ፍታሕ ሓቅነቱ ምርግጋጽ'ያ።

### 6. ህላወ "ናይ ሓቂ ደሃይ" ምርግጋጽ

ዳርጋ ንኹሉ ቴክኖሎጂያዊ መረጋገጺታት ናይ ሓሶት ሰንዓታት ኣለዎ። ንኹሉ እንተታት እቲ እሙን ዋሕስ ክኸውና ዝኽእል እምብኣር ኣእምሮና'ዩ። ፈክ ኒውስ'ውን ንኣእምሮና ፍርሕን ወገናዊ ፍርድን ንኽህብ እዩ ዝምግበና። ስለዚ ሓቅነቱ ዘጠራጥረና ሓበሬታ ውኑና ተውኪስና መልሲ ንሃበሉ። ውሽጥና ናይ ሓቂ ደሃይ እንተተሰሚዕዎ ኣኸለ ማለት'ዩ። ንኣብነት ክዳን ንገዝኣሉ ድኳን 'ናብቲ ትካል ምስ ንኸየድ 100 ክዳውንቲ ብነጻ ክህበና'ዩ፡' ዝብል ሓበሬታ ምስ እንሰምዕ ውኑና ብፍጹም ዘይክውንነታዊ'ዩ ዝብለና፡ ፡ ወይ'ውን ክልተ ሰብ ሓዳር ደቂ ስራሕና ብሓንሳብ ስለ ዝርኣናዮም ውኑና 'ርክብ ጀሚሮም ኣለው፡' ኢሉ ንኽኣምን ተጨባጢ መርትዖ ዝደሊ። ዝኾነ ሓበሬታ ምስ እነንብብ ድማ እቲ ጸግዒ ክኾነና ዝኽእል ውሽጥና ንሰምዖ። እዚ ማለት ግን ኵሉ ውኑና 'ሓቂ'ዩ' ዝበሎ ሓበሬታ ቅኑዕ ከም ዘይኩነ ንዘክር።

ኣብ መደምደታ እዚ ኸሉ ሸንኩለል እንታይ ኣምጺኡ ዝብል ኣገዳሲ ሕቶ ናብ ኣእምሮና ክመጽእ ይኽእል'ዩ። ብርግጽ ክሱሓት ዘይብሉ ግን ሓበሬታ ንኽንረኽብ ላዕልን ታሕትን ምባልና ዘይተርፍ ምኳኑ ኣይንዘንግዕ። ስለዚ ሓቅነቱ ዘየረጋገጽናዮ ሓበሬታ ኣይንእመን። ክነረጋግጾ ባህጊ እንተዘይብልና ድማ ኵሉ ዝበረረ ዑፍ ከም ዘይምኳኑ ተረዲኢና፡ ዘየረጋገጽናዮ ሓበሬታ ኣይንዝርግሕ።

እዚ ኹሉ ኣብዚ ተጠቒሱ ዘሎ'ውን ፈለማ ነረጋግጾ፡ እንተ ዘይኣረጋገጽናዮን እንተ ዘይኣሚናዮን ድማ ኣይንዝርግሓዮ።

## ተክኖሎጂ

# ጽልዋ ሞባይል ተሌፎን ኣብ ኣካላትናን ኣእምሮናን

ኢንጂ. ሚካኤል ኣዳም

ዘመንና ዘመነ ሓበሬታ እዩ። ዘመነ ሓበሬታ፡ ሓበሬታ ብኣዝዩ ዘደንቕ ቅልጣፈ ካብ ናብ ዝመሓላለፈሉ እዩ። ተንቀሳቓሲት ተሌፎን ድማ ሓንቲ ካብተን ንዘመነ ሓበሬታ ክውን ኣብ ምግባሩ ዓቢ ተራ ዝተጻወታ ምህዞታት እያ። ዝኾነ ምህዞ እወታውን ኣሉታውን ጉድንታት ክህልዎ ግድን እዩ። ነዚ ጉድንታት ብልክዕ ምፍላጡ ድማ ኣዝዩ ዘገድስ እዩ። ንእወታዊ ሸነኻቱ ብምሉእነት ክንጥቀመሉ፡ ንኣሉታዊ ጽልዋታቱ ድማ እንተኸኢልና ከነወግዶ እንተዘይኪኢሉ ግን ክንክየ የድሊ።

ተንቀሳቓሲት ተለፎን ኩሉ ሳዕ ምሳና ኣላ። ብዘይካቲ ትህበና ኣሳልጦን ናይ ምዝናጋዕ ረብሓን ግን፡ ኣብ ኣካላትናን ኣእምሮናን ጽልዋ ከምዘለዋ ኣስተውዒልና'ዶ ንፈልጥ፧ ካብ ሪደርስ ዳጀስት ዝተረኽበ ጽሑፍ ነዚ ሕቶ'ዚ ዝምልስ ክኸውን እዩ።

1. ብእወታዊ ጽልዋ ክንጅምር። ሞባይል ኣብ ድሕነትካ ዕዙዝ ኣበርክቶ ኣለዋ። ይብል ካብ ጆርናል ኦቭ ኤመርጀንሲ መድሰን ዝተረኽበ ሓበሬታ። እቲ ሓበሬታ ንዓሰርተ ሓደ ዓመታት ዝተኻየደ ኩይኑ፡ ብሳላ ሞባይል ብዙሓት ሕሙማት ከም ዝደሓኑ ይጠቕስ። እዚ ድማ እቶም ሕሙማት ኣብ ክንዲ ብናይ ገዛ ተለፎን፡ ሞባይል ተጠቒሞም ብዝሓተትዎ ሓገዝ ተደጊፎም ካብ ሞት ደሓኑ ይብል።

2. ሞባይል ግን ካልእ መዘዝ ኣለዋ። ቅድሚ ድቃስ ሞባይልካ ምርኣይ ልዋም ድቃስ ንኸይትድቅስ ጠንቂ ክኸውን ይኽእል እዩ። ካብ ሞባይል ዝምንጩ ሓጺር ወይቭ ለንግዝ ዘለዎ ድሙቕ ሰማያዊ ብርሃን፡ ኣብ እዋን ቀትሪ ንኣተኩሮኻ ዘቓቕሕ ክኸውን ከሎ፡ ኣብ እዋን ለይቲ ግን ንመፍረ መላቶኒን ዝተባህለ ንኽትድቅስ ዝሕግዝና ሆርሞን ይዓግት። ካብዚ ጸገምዚ ንኽትገላገል፡ ኣዒንትካ ሰለም ቅድሚ ምባልካ ዘለዋ ሰላሳ ደቓይቕ ተለፎን ኣይትጠቐም።

3. ሞባይልና ዝኾነ ሓበሬታ ምስ ዝመጸና 'ዚዝ' ዝብል ድምጺ ብምፍጣር ትሕብረና እያ። ኣብ ዩኒቨርስቲ ፍሎሪዳ ዝርከቡ ተመራመርቲ ብዝካየድዎ መጽናዕቲ፡ እዚ ዚዝ ዝብል ድምጺ ንኣተኩሮና የዳኽም እዩ። ስለዚ ኣተኩሮ ኣብ ዘድልዮ ስራሕ ምስ እንጽመድ ነዚ ድምጺ'ዚ ከነልግሶ የድሊ።

4. ንብይንኻ ኣብ እትኾነሉ እዋን፡ ሞባይልካ ኣብ ጉድኖኻ ምጽጋዕ ኣብ ክንዲ ገይም ምጽዋት- ናይ ፈጠራውነት ሓይልካ ይድርዕ። ኣብ ዝሰልቸወካ እዋን፡ ናይ ሓንጎልካ ኣርባዕተ ክፍልታት ተጎቓቚሖም ብሓባር ብምስራሕ ዘይጥርኑፉት ሓሳባት ብዙተፈልየ መገዲ የወህዱ።' ይብል ደራሲ ናይታ 'ዲስትራክትድ ማይንድ' ዝርእስታ መጽሓፍ ላሪ ሮዘን። ነዛ መጽሓፍ ካብ ኢንተርነት ኣውሪድና እንተነንብባ ግርም ነይሩ።

5. ኣመሪካውያን ልዕሊ ሓሙሽተ ሰዓታት ኣብ መዓልቲ ሞባይሎም ክምንጽሉ፡ መልእኽቲ ክጽሕፉን የሕልፍዎ። በዚ ድማ ናይ ቀጨውጨው ምልክት ይረኣዮም። 'ሰልፊ ኤልቦው' ዝበሃል ኩርናዕ ኢድካ ብልዑል መንከዕ ንነዊሕ እዋን ብምሓዝ ዝስዕብ መጉዳእቲ መሊጋዊ ድማ ይጥቅዕ። ብዛዕባዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰን ካልእ መጉዳእትን ድማ ወርሓዊ ሰማንያን ሓሙሽተን ሽሕ ሰባት ኣብ ጉጉል ብምእታው ሓበሬታ የናድዩ። ነዚ ሓበሬታ'ዚ ንምንዳይ ከ ክንደይ ግዜ የጥፍኡ ይኾኑ፧

6. ዝበዝሓ ሞባይላት ብጀርምታት ዝተጉበኣ እየን። ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣሪዞና ተመራማሪ ማይክሮ ባዮሎጂ ዝኾነ ቻርለስ ገርባ፡ 'ኣብ ገለ ሞባይላት ዝርከቡ ጀርምታት፡ ዓሰርተ ዕጽፊ ናይቶም ኣብ መብዘሕትኡ ዓይኒ ምድሪ ዝርከቡ ጀርምታት እዮም፡' ይብል። በዚ መሰረት ንሞባይላትና ምስኣተን ብዘሰማምዕ ጸረ-ባክተርያ ፈሳሲ ዝተሓጽጐ ጨርቂ መዓልታዊ ከጽርያ ይግባእ። እንተዘይኮኑ ድማ ሞባይል ክንጥቀም ጸኒሕና ክንበልዕ ኣብ ንዳለወሉ እዋን ኣእዳውና ክንሕጽብ የድሊ።

7. ሞባይል ጥዕናኻ ንምሕላው ትጠቕም'ያ ክበሃል ሰሚዕና ኣሎና። ኣብ ዝሰዑ ወለንታውያን ዝተገብረ መጽናዕቲ ከምዝሕብሮ፡ እቶም ኣብ ሞባይሎም ብዝተጻዕነ ኣፕሊኬሽናት ተሓጊዞም ዝወሰድዎ መግብን ዝሃልኽዎ ካሎሪን ዝቆጻጸሩ ሰባት፡ ካብቶም ብወረቐት ወይ ድማ ዌብሳይት ዝጥቀሙ፡ ክልተ ዕጽፊ ክብደት ከጉድሉ ከኢሎም ኣለው። ስለዚ ንሞባይላትና ንጽዕነን ኣፕሊኬሽናት ንጥዕናና ዝሕግዝ እንተተወሰኸ ግርም'ዩ ሞ ሃየ ደኣ ጉግል ሰቶር ንፈትሽ!

8. ብዛዕባ'ቲ ካብ ሞባይል ዝምንጩ ዝበሃል ጨረርታ ብዙሕ ተባሂሉ እዩ። እንተኾነ ሓደሽ መጽናዕትታት ከም ዘጽርዎ እቲ ካብ ሞባይላት ዝምንጩ ጨረርታ ምስ ካንሰር ምትእስሳር የብሉን። ሓደ ኣፈናዊ መጽናዕቲ ግን ሓደ ርኽበት ረኺቡ ኣሎ። ኣብ ላባራቶሪ ኣብ ኣናጹ ዝተገብረ መጽናዕቲ'ዩ። እቶም ንጸርጊ ዝተቓልዑ ኣናጹ ንልቢ ኣኽበቡ ኣብ ዝርከብ ነርቭ ሳሕቲ ጥረ ወጺእዎም። እንተሰገእካ ኢርፎን ተጠቐም። ሞባይልካ ባትሪ ኣብ እትውዳኣሉ እዋን ጸውዒት ንምቕባል ኩነ ንምድዋል ኣይትጠቐመላ። እቲ ኣብዚ እዋን'ዚ ተመንጭዎ ጸርጊ 1000 ዕጽፊ ናይቲ ባትሪ መሊኡ ከሎ እተመንጭዎ እዩ። ስለዚ ብዙተኻእለና መጠን ክንጥንቀቕ የድሊ።


9. ናይ ሞባይልና ካርታ ወይ ጂፒኤስ ኣብ ንጥቀመሉ እዋን፡ ኣብ ክንዲ ብቐጻሊ ነቲ ኣፕ እናተጠቐምና ክንጓዓዝ ንፍትን። ሓንሳብ ነቲ ኣፕ ረኢና እናዘከርና ክንጓዓዝ እዩ ዝሓይሽ። እዚ ከምዚ ዝመሰለ ተግባር ነቲ ኣብ ምዝካር ኣገዳሲ ተራ ዝጻወት ሂፖካምፓስ ዝተባህለ ክፋል ሓንጎልና ንጡፍ ኣብ ምግባሩ ኣገዳሲ እዩ።

10. ሞባይል ተጠቒምካ ዝወሰድ ስእሊ ንናይ ምዝካር ክእለትና ይዕንቅጽ። እዚ ብመጽናዕቲ ዝተረጋገጸ እዩ። ሓደ እዋን ንፈተነ ተባሂሉ፡ ተማሃሮ ናብ ቤት መዘክር ከምዝበጽሑ ተገይሩ። እቶም ስእሊ ዘይወሰዱ ካብቶም ስእሊ ዝወሰዱ ንላዕሊ ነቲ ዝረኣይዎ ክዝክርዎ ከኢሎም። 'ናይ ሞባይልካ ናይ ስእሊ መልግም ኣብ ትጥወቐሉ እዋን ንናይ ምዝካር ክእለትካ ከም ዝሰንደኻዮ'ዩ ዝቖጽር' ትብል ከኢላ ስነ-ልቦና ሊንዳ ሄንከል።

11.ሞባይልካ ኣብ ኣዒንትካ ዘለዋ ጽልዋ ብዙሕ እዩ። ሰሳ ሚእታዊት ኣሜሪካውያን ዲጂታላዊ ውጥረት ኣዒንቲ ማለት ድርቀት ኣዒንቲ፡ ሕውዝውዝ ምባል፡ ቃንዛ ርእሲ፡ ቃንዛ ኣዒንቲ ይረኣዮም። ኣዒንትካ ኣሻዕ ቋሕ ሰም ኣብሎ። ካብ ሞባይልካ ኣብ እተንብበሉ እዋን ግዝፈ ፊደላት ኣዕብዮ። ኣብ ኑቢሲ ወከፍ ዕስራ ደቓይቕ ድማ ዕረፍቲ ውሰድ።

12. ሞባይል እናተጠቐምካ ምጉዓዝ ሓደገኛ ሳዕቤን ኣለዎ። ኣብ ጆርናል ኦቭ ትራፊክ ኣንድ ትራንስፖርተሽን ኢንጂነሪንግ ዝሰፈረ ጽሑፍ ከምዝጸርዎ፡ ሞባይል እናተጠቐሙ ማለት እናንበቡ ወይ መልእኽቲ እናጸሓፉ ዝኸዱ ኣጋር ንዳማዊምን ጸጋሞምን ብዙሕ ስለዘይጥምቱ ብተሸከርከርቲ ጉድኣት ይበጽሖም እዩ።

13. ሞባይል ካብ እትምጽኦ ዘይተደልየ ሳዕቤን ንምድሓን እቲ ዝቐለለ መገዲ ሞባይል ምግዳፍ እዩ። እዚ ግን ብቐሊሉ ዝከኣል ኣይኮነን። እቲ ምንታይ ወልፊ ሞባይል ብቐሊሉ ዝሓድግ ኣይኮነን። ሞባይል ካብኻ ምስትፍላ ኣእምሮና ኮርቲሶል ዝተባህለ ናይ ጸቕጢ ሆርሞን የንዝዕ'ዩ። ስለዚ ኣቐዲምካ ካብ ወልፊ ሓራ ትኸነሉ መገዲ ደኣ ኣናዲ። ሓደ ካብኡ ባትሪ ናይ ሞባይልካ ክሳብ ዝውዳእ ትጸንሕ'ሞ። ሞባይልካ ምስ ጠፍኣት፡ ቀብጸካ ኣቐሚጥካያ ዘፍ ትብል።




# ዘደንቒ ትዕዝብቲ ተለስኮፕ ሃብል


ተመራመርቲ ትካል ምርምር ስነ-ጠፈር ኣመሪካውያን፡ ዘደንቕ ነገር ኢሎም ዝገለጹዎ፡ ቀድሚ ሕጂ ተበጺሑ ዘይፈልጥ ፍሉይ ተርእዮ ኣብ ማእከል ጋላክሲ ጉድጓድ መሰል ጸሊም ነገር ምልክት ተዓዚቦም ምህላዎም ሓበሬታ ዘርጊሖም። እቶም ተመራመርቲ ነዚ ዝገለጹ፡ "ሃብል" ብዝበሃል ንሰፊሕን ርሑቕን ከባቢ ጠፈር ዘርኢ ዓቢን ምዕቡልን ተለስኮፕ ተጠቒሞም እዮም ኣካዪዶሞ። እቲ ንፈለማ እዋን ዝተራእየ ምዃኑ ዝገለጹዎ ርኽበት፡ ሸቦኣዊ ቅርጺ ሒዙ እናጸበበ ጸሊም ጉድጓድ መሰል ምስሊ ዝሓዘ ኩይኑ፡ ብርቂ ተርእዮ ምዃኑ ድማ'ዩ እቲ ዝተዘርግሐ ሓበሬታ ዘረጋግጾ። እዚ ካብ መሬት ኣስታት 130 ሚልዮን ብርሃን ዓመታት ርሒቑ ተንጸባሪቑ ዘሎ ጸሊም ጉድጓድ መሰል ምልክት፡ ኣብ ስርዓተ-ጋላክሲ ተመሳሳሊ ካልእ ገፊሕ ቀዳድ ክህሉ ከምዝኽእል ዘእንፍት ምዃኑ ከኣ ኣረዲኦም።

ኑቲ ሓዲሽ ርኽበት ኣመልኪቱ ኣብ'ዚ ቅንያት ብተመራመርቲ ጠፈር ናሳ ዝተዘርግሐ ሓበሬታ፡ ስነ-ሓሳብ ተዛማድነት (theories of relativity) ንዝበል ስነ-ሓሳብ ስነ-ፍልጠተኛ ኣልበርት ኢንስታይን ዘጽድቕ ኩይኑ፡ ልዑል ትኹረት ዘድልዮ ርኽበት ምዃኑ'ዩ ዘረድእ። ስነ-ሓሳብ ተዛማድነት፡ ንተዛማድነት ህዋን ግዜን ኣብ ዝብል መትከል ዝተመርከሰ ዝበል ኣድማሳዊ ስነ-ሓሳብ ስነ-ፍልጠተኛ ኣልበርት ኢንስታይን እዩ።

"እዚ ርኽበት'ዚ፡ ንዓና ናይ ፈለማ እዩ። ከምዚ ዝበለ ርኽበት ኣብ ዳህሳስ ጠፈር ብሓፈሻኡ ይኹን ብፍሉይ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ዝተገብሩ ዳህሳሳዊ ምርምራት፡ ፍልይ ብዝበለ ክግለጽ ዝግባእ ርኽበት'ዩ። ንጹር ምስሊ ዘለዎ ርኽበት'ዩ። እቲ ዋና ነገር ናይ'ዚን ውጽኢት ኮሉ ድማ ዝኾነን ከኣ፡ ንጹር ትርኢት ንቕርጺን ኣቃውማን ስፒራል ጋላግሲን ከምኡ ድማ፡ ቀጽሪ ኣልቦ ኣብኡ ንዝርከቡ ነገራት ክርእዩ ዝኽእሉ ዝተራቐቑ ናውቲ መርኣዩ መሳርሒታት ምምሃዞም ዘሐጉስ እዩ" ይብል፡ ሓደ ኣብ'ቲ ዓውደ ምርምር ካብ ዝጦፉ ተመራማሪ። ብኣውራኡ ኑቲ ነኻል ዝመስል ነገር ንምጽናዕ ብድሕሪኡ ከኣ፡ ኣብ ውሽጢ'ቲ ሃጓፍ ዝመስል እንታይ ከም ዘሎ ንምፍላጥን ኑቲ ትካልን ሃብል ተለስኮፕን ዓቢ ዕዮ ምዃኑ ኣብ'ቲ ዝወጸ ሓበሬታ ተገሊጹ ኣሎ።



# ህይወት ኣብ ኤክሶ-ፕላኔትስ



ምድሪ ኣብ ዙርያ ስርዓተ ጸሓይ ካብ ዝርከባ ፕላኔታት ህይወታውያን ዝነብሩላ ፕላኔት እያ። ኣብ ካልኦት ብበልዮናት ዝቖጸሩ ስርዓተ ከዋኽብቲ፡ ህይወታውያን ንኽነብሩሉ ዘይምቹእ ምዃኑ ኸኣ ግምት ጸኒሑ እዩ። ብቐጻሊ ይካየድ ኣብ ዘሎ ሓዲሽ መጽናዕቲ ስነ-ከዋኽብቲ ከምዝመልክቶ ግና፡ ማእለያ ዘይብሎም ርኽበታት እናተመዝገቡ እዮም። ሓደ ካብ'ዚ፡ ኣብ ካልኦት ፕላኔታት ኣሰር ስነ-ህይወት ንምርካብ ዝግበር ጻዕሪ እዩ።

ኤክሶ-ፕላኔትስ፡ ካብ ስርዓተ ጸሓይ ወጻኢ ዝርከባ ፕላኔታት እየን። ዑደተን ከኣ ኣብ ዙርያ ካልኦት ስርዓት የካይዳ። እዘን ፕላኔታት፡ ምስ ምድሪ ዘመሳስል የብለንን። ስሱን ህይወታዊ ብዙሕነት ክህልወን ከምዝኽእል ግና፡ ተመራመርቲ ስነ-ጠፈር ኣመሪካውያን ግምታቶም ክህቡ ይሰምዑ ኣለዉ።

ኣብ ጠፈር፡ ብመሰረት'ቶም በብእዋኑ ክሳብ ሕጂ እውን ክካየዱ ዝጸንሑን ዘለዉን ዳህሳሳዊ መጽናዕቲታት ከኣ፡ ኣብ ገዚእ ርእሰን ዙረት ክካየዳ ነዊሕ መዓልታት ዘድልየን ንህይወት ምቹኣት ፕላኔታት ከምዘለዋ ገለ ተመራመርቲ ግምታቶም ካብ ዝህቡሉ ሓደ እዩ።

ብመሰረት'ቲ ብተመራመርቲ ዝተዋህበ ሓበሬታ፡ ክሳብ'ዚ እዋን ብዙሕ ኣዋን ብዝተኻየደ

ምርምር፡ ኣስታት 4 ሽሕ ዝኾና ኤክሶ ፕላኔታት ምህላወን ዝተረጋገጸ ጉዳይ እዩ። ኣብ መስርሕ ዑደት ኣብ ዙርያ ዝካየዳሉም ከዋኽብቲ ዝተረሓሓቐ ቅናት ከምዝለወን ድማ ይሕበር። ዝተፈላለዩ ዓይነታት ህይወታውያን ክህልውዎ ከምዝኽእሉ ሊቃውንቲ ዝጥርጥሩዎ ኣካል እተን ፕላኔታት ከኣ፡ ኑቲ ኩነታት ንምርግጋጽ ንመጻኢ ኣብ'ተን ፕላኔታት ዝካየድ ምርምር ዝተባበዕ ምዃኑ እቲ ዝተዘርግሐ ሓበሬታ ይእምት።

ምንቅስቓስ ውቅያኖስ፡ ኣብ ህላወ ህይወታውያን ልዑል ግደ ከምዝጻወት እዩ ዝግለጽ። ኣብ ግዜ ምንቅስቓሱ'ቶም ካብ መዓሙቕ ክርሶም ንህይወታውያን ኣገደስቲ ትሕዝቶ ዘለዎም ነገራት ብምግዕባል ኣቢሎም ናብ ገጽ ምድሪ ከም ዝወጹ ዝሕብር እቲ ዝተዘርግሐ ሓበሬታ፡ ምስ ፍልቀት ህይወታውያን ብምዝማድ፡ ውቅያኖሳትን ጠፈርን ምትእስሳር ዘለዎምን ዘይነጻጸሉ ምዃኖምን ሊቃውንቲ ይገልጹ። ካብ'ዚ ግንዛበ'ዚ ምርኩስ ብምግባር፡ እቶም ኣብ ምርምር ስነ-ከዋኽብቲ ዝጦፉ ሊቃውንቲ ኣብ ካልኦት ፕላኔታት ህይወታውያን ክረኽቡ ህርዲግ ምስ በሉ ምዃኖም ይገልጹ። በዚ መሰረት ኣብ ዝቐጸላ ሓደስቲ ውልዶ ስርሓት ተለስኮፕ ብምጥቃም፡ ኣብ ፕላኔታት ኤክሶ፡ ዝረጋገጽ ነገር ከምዝህሉ ተኣሚኖም ኣለዉ። ምስዒብ ዝደሊ ምርምር ምዃኑ ግን እቶም ተመራመርቲ ኣይሓብኡን።

"ኣብ ኤክሶ-ፕላኔታት ብዙሕ ንመምሃሪ ዝኾኑ ነገራት ክርከቡ ምኽኣሉ። ሓደ ካብኡ ክሳብ ሕጂ ድማ ብዘየቋርጽ ዘይተረዳእናዮን ዘይተተግበረን ብዛዕባ ምንቅስቓስ ማያውያን ኣካላት እተን ፕላኔታት ምፍላጥ'ዩ"፡ ዝበለ ካብ ጆርጅያ ኢንስቲትዩት ተክኖሎጂ፡ ኣብ ምርምር ሓደሽ ርኽበታት ዝጦፈ ፕሮፌሰር ክሪስ ሬንሃርድ እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ኩብርህ ከሎ ከኣ፡ ሓደ ክፋሉ ንምርምር ዝሕግዝ ኮምፕዩተራትን ብተወሳኺ፡ ኣብተን ፕላኔታት ዝርከቡ ነገራት ዝመራመሩ ክኢላታት ተመራምርቲ ዘይምህላዎም ምዃኑ ሓቢሩ። በዚ ምኽንያት ተመራመርቲ ስነ-ጠፈር ክድህሰስ ዘለዎ ዝተረፈ ዓቢ ዕማም ምህላዉ ከኣ ኣረዲኡ።

# ካብ ሕማም ቀሓር ንምክልኻል ዝሕግዝ ሜላ

ቀሓር ዝበዝሕ ግዜ፡ ምስ ስቶማክ ሕማም ጨጎራ ተኣሳሲሩ ዝግለጽ ዕድመን ጾታን ዘይፈሊ ንኹሉ ዘጥቅዕ ሕማም እዩ። ጸገም ጥዕና ደቂ ሰብ ኩይኑ ንብዙሓት ሰባት ዘሳቒ'ዚ ሕማም'ዚ፡ መብዝሕትኡ ግዜ ኣብ ላዕለዋይ ክፋል ሻሕለለ ጀሚሩ ክሳብ ከስዐ ኣብ ዘሎ ውሽጣዊ ኣካላት ደቂ ሰብ ብርቱዕ ቃንዛ ዝፈጥር ጸገም እዩ። ጠንቂ ናይ'ዚ ከኣ ዝበዝሕ ግዜ ብምኽንያት ትኳእ እቲ ብጋስትሪክ ብዝብል ስም ዝፍለጥ ምንጩ ኣብ ጨጎራ ዝኾነ ኣሲድ ምዃኑ ተመራመርቲ ስነ-ጥዕና ይገልጹ። ብቐሊሉ ክፍወስ ዘይክእል ሕማም ምዃኑ ድማ ይዝረበሉ። ሕዚ ሕማም ብተደጋጋሚ ዝመላለሶም ሰባት፡ እዞም ዝስዕቡ 6 ዓይነታት ብዘይምምጋብ ካብ ዝመላለስ ሕማም ቀሓር ክከላኸሉ ከምዝኽእሉ ስነ-ፍልጠተኛታት ይመኽሩ።

*1 ቸኮለት*– ቸኮለት ካብ ቀንዲ ጠንቂ ሕማም ቀሓር ምዃኑ እቲ ዝወጸ ሓበሬታ ይገልጽ። እዚ ዓይነት መግቢ'ዚ፡ ሶንሰ ዝበሃል ዝትሕዝቶኡ ንታሕተዋይ ኣካል ሻሕለለ ኣዛንዩ ንዋሕዚ ኣሲዳዊ ምራቕ ንድሕሪት መሊሱ ቀሓር የስዕብ። ቸኮለት ብዘይካ'ዚ፡ ንታሕተዋይ ኣካል ሻሕለለ ዘካኽቕሕ ተብሮሚንን ካፊንን ትሕዝቶ ኣለዎ።

2. ስቡሓት መግቢ፡– ልዑል ስብሒ ዘለዎም፡ ስጋ፡ ፋል፡ ጂብና (ፋርማጆ) ወዘተ ንሕማም ቀሓር ካብ ዘጋድዱ ዓይነታት መግቢ እዮም። ኮለሲይስቶኪኒን ዝበሃል ሆርሞን ብምንቕቓሕ ከምዘተዘዕ ዝጉበር ትሕዝቶ ኣለዎም። እዚ ነዚዒ'ዚ፡ ንታሕተዋይ ክፋል ኣካል ሻሕለለ ብምዝንጋዕ፡ መግቢ ኪይሓቐቐ ንነዊሕ ሰዓታት ኣብ ከስዐ ከምዝጸንሕ ብምግባር፡ መጠነ ነዝዒ ከስዐ ክዛይድ የተባብዕ።

*3. ቀመማት ዝበዝሖም መግቢ፡ –* ብሕማም ቀሓር ንዝሳቐዩ ሰባት ቀመማት ዝበዝሖ መግቢ ምምጋብ ንጸገማቶም ከምዘጋድድ ይግለጽ። ገለ ገለ ዓይነታት መግቢ፡ ብዘገምታ ንክሓቑ ዝጉበር ትሕዝቶ ዘለዎም ኩይኖም፡ ከም ውጽኢቱ ከኣ፡ መግቢ ኣብ ከስዐ ከይሓቐቐ ነዊሕ ግዜ ከምዝወስድ ይገብር።

4. ሽጉርቲ ፦ ጥረ ሽጉርቲ ገለ ካብ'ቶም ሃብራማት መጥኾዕቲ ዘመንጭዉ ነገራት ኩይኑ፡ ንናይ ብሕማም ቀሓር ንዝስዕብ ምጉሳዕ ንድሕሪት መሊሱ በቲ ሕማም ንዝስዕብ ቃንዛ ከም ዝብእስ ካብ ዝጉበር ትሕዝቶ ኣሲድ ይርከቦ። ካብ'ዚ ብምብጋስ እምበኣር፡ ጥረ ሽጉርቲ ካብ ምብላዕ ምውጋድ ከምዝሓይሽ'ዩ ዝግለጽ።

*5. ጸባ፡* ዝበዝሕ ከም ዝብሎ፡ ጸባ ምስታይ ቀሓር ኣብ ምህዳእ ኣስተዋጽኦ ከም ዝጉበር እዩ። ይኹን'ምበር ጸባ ንሕማም ቀሓር ካብ ዘጋድዱ ቀንዲ ዓይነታት መግቢ ምዃኑ ይግለጽ። ምኽንያቱ ከኣ፡ ኣብ ከስዐ ንዝምንጩ ኣሲድ ብምዝያድ፡ ናብ ዝኸፍአ ደረጃኡ ከም ዝዓርግ ስለ ዝጉበርን እቲ ስቡሓዊ ትሕዝቶኡን ምኽንያት ዘወጻ ሓበሬታ ይጠቅሶ።

*6. ጸማቕ* ፦ ጸማቕ ውጽኢት ለሚንን ኣራንሺን ካልኦት ምቁራት ዝኾኑ ፍረታትን፡ ኣብ ሓፈሻዊ ጥዕና ደቂ-ሰብ ኣገደስቲ'ኳ እንተኾኑ፡ ብኣንጻሩ ግና ባህርያዊ ኣሲድ ዘለዎም ምዃኖም እዮም ዝግለጹ። በዚ ድማ ሕማም ቀሓር ኣብ ምግዳድ ተራ ከምዘለዎም ሊቃውንቲ ስነ-ጥዕና ዝገልጹ።



# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል ermileul@gmail.com

## ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ናብ ለንደን ኣምሪሓ

ካብ 21 ክሳብ 28 መስከረም 2019 ኣብ ከተማ ለንደን ዓባይ ብሪጣንያ ኣብ ዝእንገድ ሻምፕዮና ቅድድም ብሽክለታ ዓለም እትሳተፍ ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ናብቲ ውድድር ምምርሓ ተሓቢሩ።

እታ ብኣሰልጣኒ ሳምሶም ሰሎሞን ትእለ ዘላ ጋንታ፡ ኣብቲ ዓለማዊ ውድድር ኣብ ናይ ዓበይቲን ትሕቲ 23 ዓመት መንእሰያትን ውድድራት ብደቂ ተባዕትዮ ንትቖዳደምቲ መኾሰብ ደበሳይ፡ ናትናኤል ብርሃነ፡ ዳንኤል ተኽለሃይማኖት፡ መርሃዊ ቀዱስ፡ ኣማኑኤል ገብረእግዚኣብሄር፡ ሄኖክ ምሉእብርሃን፡ ቢንያም ግርማይ፡ ያቆብ ደበሳይ፡ ናትናኤል ተስፋጽዮንን ዳንኤል ሃብተሚካኤን፣ ብደቀንስትዮ ድማ ብተቐዳዳሚት ሞሳና ደበሳይ ብምስላፍ ውድድራታ ከተሰላስል እያ። ምስታ ሃገራዊት ጋንታ መካኒክ፡ ክኢላ ማሳጅን ኣለይቲ ኣባላት ፈጻሚ ኣካል ሃገራዊ ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራን ናብቲ ዓለማዊ ውድድር ሓቢሮም ተጓዒዞም ኣለዉ።

እታ 11 ተቐዳደምቲ ዝሓቖፈት ሃገራዊት ጋንታ፡ ናብቲ ውድድር ኣብ ዘምርሓትሉ እዋን፡ ብዓርቢ 13 መስከረም ሓሊፉ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራን ሃገራዊ ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ኣብ ዝተረኽቡሉ፡ ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ኣብ ዘስመዖ መፋነዊ ቃል፡ ዓቕሚ ተሳታፍነት ኣብ ኣህጉራዊ ውድድራት እናዓበየ ምምጽኡ ዕብየት ቅድድም ብሽክለታ ሃገርና ዘርኢ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ኣብቲ ዓለማዊ ውድድር ብውሁድ ናይ ጋንታ ስራሕን ዲሲፕሊንን ንደረጃ ቅድድም ብሽክለታ ሃገርና ዝዕቅብ ውጽኢት ሒዞም ክምለሱ ምልባዉ ህዝባዊ ርክባት ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣፍሊጡ።

**መደብ ጸወታ**

**ሎሚ**

**ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ**

| | | |
|---|---|---|
| ኢንተር - ስላቭያ ፕራግ | | 7:55 |
| ሊዮን - ዘኒት | | 7:55 |
| ኣያክስ - ሊለ | | 10:00 |
| በነፊካ - ሌፕዚግ | | 10:00 |
| ቦ.ዶርትመንድ - ባርሴሎና | | 10:00 |
| ቸልሲ - ቫለንስያ | | 10:00 |
| ናፖሊ - ሊቨርፑል | | 10:00 |
| ሳልዝበርግ - ገንክ | | 10:00 |

## ስልጠና ተኒስ ባይታ ተዛዚሙ

ሃገራዊ ፌደረሽን ተኒስ ባይታ ኤርትራ ምስ ኣህጉራዊ ፌደረሽን ቴኒስ (ITF)ን ኦሎምፒክ ሶሊዳሪቲን ብምትሕብባር ንኽልተ ሳምንቲ ኣብ ኣስመራ ክህቦ ዝጸንሐ ናይ ቀዳማይ ደረጃ ናይ ኣሰልጣንነት ስልጠና (Level-1 Coaching Course) ብቐዳም 14 መስከረም ዛዚሙ።

ኣብ መዛዘሚ ናይቲ ሓለፋቲ ሃገራዊ ኮሚቴ ኦሎምፒክ ኤርትራ፡ ፌደረሽን ተኒስ ባይታ ኤርትራን ሰልጠንትን ዝተረኽቡሉ ዕለት ኑቲ ስልጠና ካብ ዝሃቡ ኢንስትራክተራት ውድድር ቴኒስ ባይታ ምብራቕ ኣፍሪቃ ሩዋንዳዊ ሚስተር ቴሪ ንትዋሊ ኣብ ዘቕረቦ ሓጺር ጸብጻብ፡ ተሳተፍቲ'ቲ መደብ ኣብቲ ብኽልስ ሓሳብን ግብርን ተሰንዩ ዝተዋህበ ስልጠና ዝከበሮም ተገዳስነትን ኣድህቦን እቲ ስልጠና ብዕዉት ንኽዛዘም ከምዝሓገዘ ገሊጹ።

ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ንሰልጠንቲ ዝተዳለወ ወረቐት ምስክር ድሕሪ ምዕዳሉ ኣብ ዘስመዖ ለበዋ፡ ሰልጠንቲ ኑቲ ዘቕሰምዎ ሞያ ዝያዳ ብግብራዊ ስራሕ ብምዕማቕ ናብ ተካእቲ መንእሰያት ብምስግጋር ኣብ ዕብየት'ቲ ዓውዲ ግቡእ ተራኦም ክጻወቱ ትጽቢት ከምዘሎም ገሊጹ።

ሃገራዊ ፌደረሽን ቴኒስ ባይታ ኤርትራ ንሳልሳይ ግዜኡ'ዩ ናይ ቀዳማይ ደረጃ ናይ ኣሰልጣንነት ስልጠና ዝሁብ ዘሎ።

## ኤርትራ፡ ኣብ ዋዕላ ኩዕሶ ሰኪዔት ተሳቲፋ

ኤርትራ፡ ጎድኒ-ጎደኒ እቲ ኣብ ሃገረ ቻይና ዘተኣንገደ መበል 21 ዋንጫ ዓለም ኩዕሶ ሰኪዔት ዝተኻየደ ዋዕላ ኣብ ኮንግረስ ዓለማዊ ውድብ ኩዕሶ ሰኪዔት (FIBA) ምስታፋ ተገሊጹ።

እዚ ሓንሳብ ኣብ ሓሙሽተ ዓመት ዝቃናዕን 156 ሃገራት ዝተዛተያሉን ኮንግረስ፡ ኪኖ ምምራጽ ሓደሽቲ ኣባላት ፈጻሚት ኮሚቴ እቲ ዓለማዊ ውድብ፡ ኣብ ናይ መጻኢ መደባት እቲ ውድብ ንምዝታይን፡ ኣብ ምልላይ ኩነታት ኩዕሶ ሰኪዔት ኤርትራን ዘመዛዝንም ዘሎ ምዕባለታትን፡ ብመገዲ ፕረዚደንት ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ ሰኪዔት ኤርትራ ኢንጅ. ሄኖክ ኣማኒ መብርሂ ተዋሂቡ።

ብዘወሳኺ'ውንተሳቲፎኤርትራንመንእሰያት ተጻወትቲ ኣብ ናይ ዓለማዊ መሰልጠኒ ማእከላት ንምስታፍ ዕድላት ንምርካብ፡ ምስ ካልኦት ሃገራውያንን ኣህጉራውያን ውድባት ዝምድናታትን ርክባትን ንምፍጣርን ምንባሩ ተሓቢሩ።

ኣብ ዝተኻየደ ምርጫ፡ ማላዊ ሃሜ ንያንግ ሓድሽ ፕረዚደንት ዓለማዊ ውድብ ኩዕሶ ሰኪዔት ኮይኑ ተመሪጹ።

ሰንበት 15 መስከረም ዝተዛዘመ ውድድር ዋንጫ ዓለም ኩዕሶ ሰኪዔት፡ እስፓኛ ንኣርጀንቲና ብምስዓር ሻምፕዮን ኮይና።

ኣብቲ ውድድር ካብ ኣህጉር ኣፍሪቃ፡ ሰኔጋል፡ ናይጀርያ፡ ቱኒዝያ፡ ኣንጎላን ኣይቮሪኮስትን ተሳቲፈን ነይረን።

ብዘወሳኺ፡ ኣህጉራዊ ማሕበር ኩዕሶ ሰኪዔት ኣፍሪቃ ምስ (NBA) ብምትሕብባር ንኣዋርሕ ዝቐጽል ውድድር ኩዕሶ ሰኪዔት ኣብ መንጎ ክለባት ሃገራውያን ጋንታታትን ኣፍሪቃ ክጅመር ኣብ ምድላው ምህላዉ ተፈሊጡ።

## ተወሳኺ . . .

+ ሓለቓ ጋንታ ኣርሰናል - ሻካ፡ "ደቂ ጋንታይ ፍርሒ ነይሩዎም" ክብል ክለቡ ምስ ዋትፎርድ 2ብ2 ድሕሪ ምፍልላያ ኣብ ዝተኻየደ ጋዜጣዊ ዋዕላ ተዛሪቡ። ኣባመያንግ ብዘቑጸረን ክልተ ሸቶታት ክትመርሕ ክኢላ ዝጸበረት ኣርሰናል፡ ተጻወትቲ ዋትፎርድ ቶም ክለቨርለይን ሮቤርቶ ፔረይራን ኣብ ሰኪዔታ ብዘቑጸሩላ ሸቶታት ነጥቢ ክትማቐል ተገዲዳ። "ኣብ ካልኣይ ፍርቂ፡ ደቂ ጋንታይ ዘርኣዩዎ ብቕዓት ኣብዚ እቶ ዘይብሃል እዩ። ፍርሒ ነይሩዎም" ይብል ሻካ።

+ ባርሴሎና ንቫለንስያ 5ብ0 ኣብ ዝሰዓረትሉ ናይ ትማሊ ቀዳም ግጥም ላ'ሊጋ፡ ወዲ 16 ዓመት ኣንሱ ፋቲ ሸቶ ብምምዝጋቡን ንሸቶ እትኸውን ኩዕሶ ንደቂ ጋንታኡ ብምቕባሉን 'ብዕድመ ዝነኣሰ ኣመዝጋቢ ሸቶ ውድድር ላ'ሊጋ' ኮይኑ። እዚ ተወላዲ ጊኒ ቢሳው ዝኾነ ተጻዋታይ፡ ዝመጽእ ወርሒ ጥቅምቲ ንእስጳኛ ወከሉ ኣብ ውድድር ትሕቲ 17 ዓመት ክሳተፍ ከምዝኽእል ይንገር። ኣብ 2012 ናብ ኣካዳሚ ኩዕሶ እግሪ ባርሴሎና 'ላ ማሲያ' ዝተጸንበረ ፋቲ፡ በቲ ብቐዳም ዘርኣዮ ብቕዓት ድሮ ኣቓልቦ ሓያለ ክለባት ስሒቡ ይርከብ። ባርሴሎና ግና ነዚ ፍርያታ ዝኾነ ተጻዋታይ እትውንን ክለብ ልዕሊ 100 ሚልዮን ዩሮ ምስ ዘይትኸፍል ካብ ሜዳ ኖ ካምፕ ምንቕ ከምዘይብል ትማሊ ኣፍሊጣ።

+ ኣብ መውዳእታ ሰዓታት ናይ ምስግጋር ተጻወትቲ ካብ ኣርሰናል ናብ ሮማ ብመልክዕ ልቓሕ ዘቕንዐ ሄንሪክ ሚኺታርያ፡ ክለቡ ሮማ ንሳሱሎ 4ብ2 ኣብ ዝሰዓረትሉ ግጥም፡ ሸቶ ኣመዝጊቡ። ክሪስታንተ፡ ኤደን ዜኮ፡ ከምኡ ድማ ጀስቲን ክላይቨርት ኑተን ዝተረፋ ሸቶታት ሮማ ዘቑጸሩ ተጻወትቲ እዮም። በራርዲ ከኣ ኣብ ካልኣይ ፍርቂ ንሳሱሎ ካብ ስዕረት ዝደናግፉ ሸቶታት ኣመዝጊቡ።

+ ኣብ 32 ሃገራት ን55 ጋንታታት ኩዕሶ እግሪ ብምዕላሙ ኣብ ጊነስ ስሙ ክሰፍር ዝኸኣለ ሩዲ ጉተንዶርፍ፡ ኣብ መበል 93 ዓመቱ ትማሊ ዓሪፉ። እዚ ንልዕሊ ፍርቂ ዘመን ኣብ ምዕላም ክለባት ዝጸየየ ጀርመናዊ፡ ኣብ ኣፍሪቃ ጥራይ ንከም ሃገራውያን ጋንታታት ቦትስዋና፡ ታንዛንያ፡ ሳኦ ቶሚ፡ ጋና፡ ሞሪሸስ፡ ዚምባብወን ሩዋንዳን ክዕልም ክኢሉ እዩ።

## ስፖርታዊ ውድድራት ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል ቀጺሉ

ንውድድራት ኩዕሶ እግሪ፡ መርበብ፡ ባድሚንቶን ኣትለቲክስን ጨመተ ተኸሲን ዝሓቖፈ ስፖርታዊ ውድድራት ውሽጣዊ ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል ይቕጽል ምህላዉ ተሓቢሩ።

ንውድድራት ኩዕሶ መርበብ ብኽልቲኡ ጾታ፡ ኣብ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ከኣ ብደቂ ኣንስትዮ ንጥፈታቱ ዘሰላስል ዘሎ ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ትማሊ ሰኑይ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቐትሪ ውድድራት ኩዕሶ መርበብ ደቂ ተባዕትዮ ኣካዩዱ ነይሩ።



ፈለማ ዒታሮን ዓራግን እየን ገጢመን። ኣብቲ ናይ ክልቲአን ጋንታታት ተመጣጣኒ ብቕዓትን ምንቅስቓስን ዝተራእዮ ጸወታ፡ ዒታሮ 3ብ2 ተዓዊታ። ስዒበን ንሜዳ ዝወረዳ እታ ጽቡቕ ገስጋስ ተመዝግብ ዘላ ሓሊበት ኣንጻር ሳቡር እያ። ብቕዓት ተጻወትታ ዓቂባ ትኸይድ ዘላ ሓሊበት ከኣ 3ብ0 ተዓዊታ።

ብቐዳም ካብ ዝተኻየዱ ውድድራት ኩዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ሳቡር ንሂምቦል ከምኡ ድማ ዓራግ ንኣባሓኒ ብተመሳሳሊ 2ብ1 ብዝኾነ ውጽኢት ኣፋንየነአን። ብዘይካ'ዚ ኣብ ኩዕሶ መርበብ ደቂ ተባዕትዮ ሓሊበትን ኣብሓኒን ኣብ ዘካየዳኦ ግጥም፡ ሓሊበት 3ብ0 ተዓዊታ። ሂምቦል ምስ ዓራግ ኣብ ዘካየደኦ ተመሳሳሊ ጸወታ ድማ ሂምቦል 3ብ0 ረቲዓ።

ኣብ ሜዳ ካምፖ ቺቸሮ ግጥማት ኩዕሶ እግሪ ዘካየዳ ጋንታታት ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ዒታሮን ዓራግን እየን ነይረን። ዒታሮ ከኣ 3ብ1 ተዓዊታ። ብተወሳኺ፡ ሂምቦል ኣብ ልዕሊ ሳቡር ናይ 3ብ2 ዓወት ኣመዝጊባ።

ስፖርታዊ ውድድራት ውሽጣዊ ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል ንኣስታት ክልተ ወርሒ ክቕጽል እዩ።

## ደሂያ ውዕሉ ኣናዊሑ

ንኣዋርሕ 'ጠልጠል' ኢሉ ዝጸንሐ መስርሕ ምንዋሕ ውዕል ደቪድ ደሂያ ምስ ክለቡ ማን ዩናይትድ ትማሊ ኣማሲያኡ መዕለቢ ረኺቡ - ክሳብ 2023 ኣብ ሜዳ ኦልድትራፎርድ ክጸንሕ ብምስምማዑ።




እዚ ወዲ 28 ዓመት ሓላዊ ልዳት፡ ብከም ዓርሞሸሽ ክሉብ ሪያል ማድሪድ ክህደን ብምጽንሐ፡ ክለቡ፡ ክሳብ ትማሊ ብመስርሕ ምንዋሕ ውዕል ልዋም ድቃስ ምስኣና መራኸቢ ብዙሃን የረድኣ። ኣብ ዘመን ኣሌክስ ፈርጉሰን ኣብ 2011 ካብ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ናብ ማን ዩናይትድ ብ18.9 ሚልዮን ፓውንድ ዝተሰጋገረ ደ ሂያ፡ ኣብ 367 ጸወታታት እታ እንግሊዛዊት ክሉብ ተሰሊፉ።

"መጻኢያይ ኣውሒሰ ኣለኹ። ዝዘርፈኒ ነገር እንተሎ፡ ነዛ ዓባይ ጋንታ ዋንጫ ከተልዕል ምስ ደቂ ጋንታይ ብሓባር ምስራሕ እዩ" ይብል እስጳኛዊ ሓላዊ ልዳት ደ ሂያ ትማሊ ክታሙ ድሕሪ ምንባሩ።

ማን ዩናይትድ፡ ኣብ ዓመት ስፖርት 2012/13 ተዓዊቲት ውድድር ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ክትከውን፡ ናይ ኤፍ ኤ ካፕ፡ ሊግ ካፕ ከምኡ ድማ ዩሮፓ ሊግ ክትዕወት፡ እዚ ሓላዊ ልዳት ኣበርክቶኡ ዕዙዝ ምንባሩ ይፍለጥ።

ሰሙናዊ 375,000 ፓውንድ መሃያ ክቕበል ምስ ማን ዩናይትድ ዝተሰማምዐ ደ ሂያ፡ ኣብ ዝሓለፈ ክረምቲ ብዘይካ ብሪያል ማድሪድ፡ ብክለባት ጁቬንቱስን ፒኤስጂን እውን ክህደን ጸኒሑ እዩ። ምጽናሕ ኣብ ሜዳ ኦልድትራፎርድ ናይዚ ኣብ 2011፡ 2013 ከምኡ ድማ ኣብ 2016 ኮምዩኒቲ ሺልድ ዘልዓለ ሓላዊ ልዳት፡ ንኣሰልጣኒ ሶልሻየር ዓቢ ሩፍታ ከምዝሃበዎ ሓያለ ተንተንቲ ይሰማምዑ።

# ምልክታ

በይኩል ገብረሚካኤል - ፋርቱና ኤፍሬም
ናጽነት ደስበለ

## ምልክታ

ኩሉኹም ኣባላት ማሕበርና ዘለኩም ናይ ኢንሹራንስ ክፍሊት ክሳብ 15 ጥቅምቲ 2019 እንተዘይዓጺኹም ማሕበርና ተሓታቲ ከምዘይኮነ የፍልጥ።

ኮሚተ ማሕበር ምትሕግጋዝ ኣባላት ክፍሊ ሓለዋ ሰውራ

## ኢንዱስትሪ ዓለባ ኤርትራ ሓ.ዝ.ብ.ት

## ዓቢ ምጉዳል ዋጋ

ኢንዱስትሪ ዓለባ ኤርትራ (ኢ.ዓ.ኤ.) ርሑስ በዓል ቅዱስ ዮውሃንስን በዓል መስቀልን እንዳበለ ከም ወትሩ ዓማዊሉ ንምሕጓስ ኣብ ፍርያቱ ክሳብ **50% ምጉዳል ዋጋ** ከምዝገበረ የበስር!

<u>ፍርያትና ንሸጠሉ ቦታ፡</u>

**ኣብ ኣስመራ ፦ ኣብ ድኳን ትካልና ጎደና ተጋደልቲ ፊት እንዳ ኖራ**


**ኣብ መንደፈራ፦ ሩት ቡቲክ ጥቓ ጂራ ፍዮሪ**

**ኣብ ደቀምሓረ፦ ፎዝያ ቡቲክ ጥቃ ዕዳጋ**

ሃየ ዝዕድል ተጠቐምሉ! ብዓይነት ፍርያትና፥ ምቑሉል ኣገልግሎትናን ርትዓዊ ዋጋን ክትዓግቡ ኢኹም!

## ርሑስ በዓል ቅዱስ ዮውሃንስን መስቀልን!!!

ቁ.ተሌፎን- 182967/186405 ኣስመራ



## ዘሐጉስ ብስራት



ካብ መውዓሊ ህጻናትን፡መባእታ ቤት ትምህርቲ መጻኢ

ቤት ትምህርቲ መጻኢ ንኹሎም ወለዲ ጥሉል ክራማትን፡ ርሑስ ሓድሽ ዓመት፡ ዓመተ ሰላም፡ ራህዋ፡ ብልጽግና ክኾነልና እናተመነየ። ንዓመተ 2019/2020 ኣብ ርእሲ'ቲ ክህቦ ዝጸንሐ ናይ መውዓሊ ህጻናት ኣገልግሎት፡ ካብ 1ይ-3ይ ክፍሊ ስሩዕ ኣካድያማዊ ትምህርቲ ምስ ምኩራት መመህራ፡ ብርትዓዊ ክፍሊት ኣገልግሎት ክንህብ ምዃኑ እናበሰረ፡ ምዝገባ ከም ዝጀመረ ብሓጎስ የበስር።

ንዝያዳ ሓበሬታ ብቁ.ቴሌ 07231968 07284703 / 07136511 ብምድዋልን ብኣካል ብምምጻእን ተወከሱና።
ኣድራሻና፡- ጀጋራንዳ
መጻኢ መ/ህ/መ/ቤ/ትምህርትን



## ብስራት ካብ መዋእለ ህጻናት ‘ተርሙማ’

ደቅኹም ኣብ ዕሽል ዕድሚኦም፡ ልዕሊ ሓደ ቋንቋ ክመልኩ ትደልዩ'ዶ? እንሆ እቲ ዕድል ተራሒዩ - ኣብ መዋእለ ህጻናት ተርሙማ!

እዛ ኣብ ሕንብርቲ ከተማ ተሰነይ ኣብ ሰፊሕን ብዕንባባታት ዝጌጸን ቦታ ተደኩና እትርከብ ዘመናዊት መዋእለ ህጻናት፡ ምኩራትን ብቑዓትን መምህራን፡ ኣየር-ኮንዲሽን ዘለዎ ምቹእ መምሃሪ ክፍልታት፡ ብኣውዶዮ-ቪዥዋል ዝተሰነየ ትምህርቲ ከምኡውን ዝተማልአ መምሃርን መዘናግዕን ናውቲ ዓጢቓ ናይ ዓመተ-ትምህርቲ 2019-2020 ምዝገባ ጀሚራ ከምዘላ ብሓጐስ ነበስር።

ንውሑስ መጻኢ ደቅና፡ መዋእለ ህጻናት ‘ተርሙማ’ ይኹን ምርጫና!!





<u>ኣድራሻና፡</u> ካብ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ንምብራቕ ወገን እዩ። ቊ.ተለ 721062 ወይ 07130903




## ምልክታ

ብስም ርሻን ዕቅባዝጊ ዓ/ማርያም ዝተመዝገበ ብ ቁ.ፍ.ዋኒን ASL00000556 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና 176-19 ቁ.ገዛ 13 ዝርከብ ናይ ቤት ቁርስን ካልቾ ባሊና (ጆቶኒ) ትካለይ ንኣቶ ሱሌማን ጃብር መሓመድ ካብ ዕለት 01/08/2019 ክሳብ ዕለት 31/07/2020 ኣካርየዮ ስለዘለኹ ዝቃወም ምስ ዝህሉ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጻሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ንዘሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ርሻን ዕቅባዝጊ ዓ/ማርያም

# ሓዳስ መጽሓፍ

## ንተመሃሮ 2ይ ደረጃ

**Comprehensive Mathematics**

**Grades: 9-12**

- Algebra
- Geometry

እዛ መጽሓፍ'ዚኣ፡
ኣብ ክፍሊ ኰን ኣብ ገዛ፡
ብዘይ መምህር ትምህር፡
ብዘይ ሓጋዚ ተለማመድ፡
ብዘይ ፈታኒ ትግምገም።

ኣብ ስተሽነሪታት ኣላትኩም።

ብተመሳሳሊ ቅድን ኣገባብን
ዝተዳለወት ኣገዳሲት መጽሓፍ
**Comprehensive Chemistry**
እውን ተዘርጊሓትልኩም ኣላ።

ንዝያዳ ሓበሬታ
07142402 / 07461121



## Vacancy Announcement

**ASMARA INTERNATIONAL COMMUNITY SCHOOL**

AICS is currently accepting applications for the following position.
The deadline is 26 Sep 2019. ONLY Applicants who meet or exceed these requirements should apply. successful applicants will be notified.

1. Secretary

Successful candidates Should have:

- Diploma in secretarial duties and computer skills particularly proficient in Microsoft program
- Good communications skills, written and verbal
- Good organization skills
- Minimum 2 years' experience as a secretary
- Excellent English skills
- Certificate of completion of or exemption from national service.

Send CV with contact information and references by postal mail to:
AICS, P.O. Box 4941, Asmara.
No telephone call or appointment please. Candidates will be notified by Sep 27, 2019.



## ኣገዳሲ ምልክታ መውዓሊ ህጻናት

መውዓሊ ህጻናት ማሕበር ኤርትሮ ጀርመን፡ ህጻናት ኣብ ምኽስኳስን መሰረት ኣብ ምትሓዝን ናይ 22 ዓመታት ተመኩሮ ከምዘለዎ ትፈልጡ'ዶ?

ኣብ ዝሓለፈ ልዕሊ 20 ዓመት ኣብ መውዓሊ ህጻናትና ቅድመ-ትምህርቲ ሓሊፎም፡ ድሓር ኣብ ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቶም ብሞያ ምህንድስና፡ ሕክምና፡ ብዓውዲ ስነ-ፍልጠት ተፈጥሮን ሕብረተ-ሰብን፡ ብስነ-ሂወትን ቅመማን፡ ብሕሳብ፡ ብቛንቋን ሞያ ጋዜጠኝነትን ወዘተ--- ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ዝበጽሑ መንእሰያት ከምዘለው እንዳሓበርና ሎሚ'ውን ካብ ሕሉፍ ተመኩሮና ተበጊስና ንደቅኹም ናይ ቅድመ-ትምህርቲ ዓቕሞም ከሰብርኹ ብዝለዓለ ደረጃ ተዳሊና ከምዘለና ነበስረኩም!!!

ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ቤት ጽሕፈትና ጥቓ ማእከላይ ቤ/ጽ ሃገራዊ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ መጺእኩም ወይ ብቑጽሪ ተሌፎን 12-21-93 ተወከሱና!!!

ንምዝገባ ተቐዳደሙ!!!


## ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሰስቲ ወረ/ነፍ/መብራህቱ ዓንደብርሃን ወረ/ነፍ ለተርፍኤል መብራህቱ ወ/ሮ ኤልሳ ብርሃነ፡ ተኸሰስቲ ወረ/ነፍ መብራህቱ ዓንደብርሃን ወረ/ነፍ መድህን ተፈሪ ወ/ሮ ብርኽቲ መብራህቱ፡ ወረ/ነፍ ሻሹ መብራህቱ፡ ወ/ሮ ኣልማዝ ኣብርሃ፡ ኣቶ ሙሴ ኣብርሃ፡ ኣቶ ሰለሙን ኣብርሃ፡ ፍረወይኒ ኣብርሃ፡ ኣቶ ኣሉላ ኣብርሃ፡ ወ/ሮ ዘውዲ መብራህቱ፡ ወረ/ነፍ/ ሃይለ መብራህቱ፡ ኑሜሪ ሃይለ፡ ወረ/ነፍ/ ለተርፍኤል መብራህቱ፡ ኣቶ ሰለሙን ብርሃነ፡ ኣቶ ፍጹም ብርሃነ፡ ኣቶ ኤልያስ ብርሃነ፡ ኣኽበረት ብርሃነ፡ ቴድሮስ ብርሃነ፡ ኤልያስ ብርሃነ ወኪል ኣኽበረት ብርሃነ ናይ ምቅሊት ውርሻ ክሲ ቀሪብልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/10/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቁ/52 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም ግን ንስኹም ኣብ ዘይብሉ ውሳነ ክውሃብ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ዞባ ዓንሰባ ከረን

ዑመር መሓመድዓሊ ኣሰፈዳይ ምባል ተሪፉ፡ ዑመር መሓመድ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/9/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኣፍዓበት

ወ/ሮ ሳዕድያ እድሪስ ዑመር፡ በዓል-ቤተይ ዮሴፍ ሓምድ ዓሊ ስለዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ ኣዲኡን 3 ደቁን ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/9/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

# CHINESE COURSES TO THE PUBLIC

CI-NHERI is planning to offer more Chinese language and culture courses to the public in Autumn Semester 2019. The following is the registration information:

**Registration Date:** Sept. 15th -18th , 2019
**Office Hours**: 9:00 AM -11:30 AM, 2:30 PM -5:00 PM
**Venue**: Third floor, Room 315 (CI Office), University of Asmara
**Tel:** 163581,162242

**Chinese Language Courses Schedule (100NKF for Handout Only)**

| Serial NO. | Levels | Classes | Time |
|---|---|---|---|
| 1 | Level 1 | Class 1 | Tuesday & Thursday 6:00 pm-8:00 pm |
| | | Class 2 | Saturday & Sunday 8:00 am-10:00 am |
| | | Class 3 | Saturday & Sunday 10:00 am-12:00 am |
| | | Class 4 | Saturday & Sunday 2:00 pm-4:00 pm |
| 2 | Level 2 | Class 1 | Tuesday & Thursday 6:00 pm-8:00 pm |
| | | Class 2 | Saturday & Sunday 8:00 am-10:00 am |
| | | Class 3 | Saturday & Sunday 10:00 am-12:00 am |
| | | Class 4 | Saturday & Sunday 2:00 pm-4:00 pm |
| 3 | Level 3 | Class 1 | Tuesday & Thursday 6:00 pm-8:00 pm |
| | | Class 2 | Saturday & Sunday10:00 am-12:00 am |
| 4 | Level 4 | | Saturday & Sunday 8:00 am-10:00 am |
| 5 | Level 6 | | Saturday & Sunday 8:00 am-10:00 am |
| 6 | HSK III Training | | Saturday & Sunday 10:00 am-12:00 am |

**Chinese Culture Courses Schedule (No Payment)**

| Serial NO. | Course Titles | Classes | Time |
|---|---|---|---|
| 1 | Taiji | Class 1 | Tuesday & Thursday 4:00 pm-6:00 pm |
| | | Class 2 | Saturday & Sunday 4:00 pm-6:00 pm |
| 2 | Chinese Dance | Class 1 | Wednesday & Friday 4:00 pm-6:00 pm |
| | | Class 2 | Saturday & Sunday 4:00 pm-6:00 pm |
| 3 | Chinese Song | Class 1 | Saturday 2:00 pm-4:00 pm |
| | | Class 2 | Sunday 2:00 pm-4:00 pm |
| 4 | Chinese Calligraphy | | Saturday & Sunday 2:00 pm-4:00 pm |
| 5 | Chinese Kungfu | | Saturday & Sunday 4:00 pm-6:00 pm |

N.B.: The classes lasts 13 weeks, starting from Sept. 21st till Dec.15th.

ብርሃን ምሕረትኣብ

## “ኣብ ልዕሊ ኢራን ስጉምቲ ክንወስድ ኢና” ኣመሪካ



ኣብ ልዕሊ ዕደና ነዳዲ ስዑዲ ዓረብ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ሰብ-ኣልቦ ነፈርቲ ብኢራን ከምዝተኻየደ ዘጽር ጭብጢ ከምዝበጽሖ ዘጸረ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ሃገሩ ኣብ ልዕሊ ኢራን ስጉምቲ ንምውሳድ ድልውቲ ምዃና ኣፍሊጡ።

ብዛዕባ'ቲ መጥቃዕቲ ኣመልኪቱ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ሰሊያውያን ትካላት ሃገሩ ንተግባሪ ናይቲ መጥቃዕቲ ብልክዕ ፈሊጠናኦ ከምዘለዋ ብምግላጽ፡ ሰራዊት ሃገሩ ስጉምቲ ንምውሳድ ድሉው ከምዘሎ ኣጠንቂቑ። “ምስ ስዑዲ ዓረብ ተማኺርና፡ ኑቲ ስጉምቲ ክንወስዶ ኢና” ዝበለ ትራምፕ፡ ሃገሩ ኣብ ልዕሊ ኢራን ብዛዕባ ክትወስዶ እትኽእል ስጉምቲ ተሰላሰል ከምዘላ ኣፍሊጡ።

ሰበ-መዚ ኣመሪካ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ትካላት ዕደና ነዳዲ ስዑዲ ዓረብ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ብኢራን ከምእተኻየደ ዘጽር ብሳተላይት ዝተደገፈ ጭብጥታት ከምዘለዎም ምሕብሮም ይፍለጥ።


ናይቲ ዝሓለፈ ሳልስቲ ኣብ ምብራቓዊ ስዑዲ ዓረብ ኣብ ልዕሊ ኹራይስን ኣብቓይቕን ዝተባህለ ሰፈሕ ንጥፈታት ዕደና ነዳዲ ዝካየደሉ ቦታ ዝተፈጸመ ሓድሽ መጥቃዕቲ ሓላፍነት ዝወሰዱ ዕጡቓት ሑቲ እኳ እንተኾኑ፡ ኑቲ መጥቃዕቲ ዝፈጸማ ሰብ-ኣልቦ ነፈርቲ ብቐንዱ ካብ የመን ዘይኮነ ካብ ኢራን ከምዝተበገሳ እዮም ምንጭታት ኣመሪካ ዘጽሩ።

ኢራን ግን ነቲ ብኣመሪካ ዝቐርበላ ዘሎ ክስታት “ዘይቅቡልን መሰረት ኣልቦን” ብምባል እያ ትነጽጎ።

ኣብ መንጎ ኣመሪካን ኢራንን ዳምጋይ ልዑል ወጥሪ ሰፊኑሉ ኣብ ዘሎ እዋን፡ ኣብ ዕዳጋታት ዘይተጻረየ ነዳዲ ወሰኽ ዋጋታት ተራእዩ ከምዘሎ ጸብጻባት ሓቢሮም።

## ተወሳኺ

ጓል 29 ኣመሪካዊት ጂና ኢቫንስ ምስ ቤቢ ዝተባህለ ሕጹያ፡ ኣብ ፈጣን ባቡር እንከለዉ፡ ከተርቲ ስለዝመጸዎም ካብኣም ክሃድሙ ፈቲኖታት ገበሩ። እቶም ንበረት ጂና ክዝምቱ ዝደልዩ ዝበሩ ‘ክፉኣት ሰባት’ እውን ሰሪቦምም። ጂና ኑታ ሰርሓት ኣልማዝ ዝኾኑት ናይ ሕጹ ቀለቤታ ካብ ኣጻብዕታ ኣውጺኣ ኣብ ኣፉ ኣእተወታ፡ እቶም ከተርቲ ስለዝመጽኡዋ ድማ ካብ ዝምታ ንምድሓን ወሓጠታ። በዚ ዘበሀርር ሕልሚ ካብ ድቃሳ እናወጨጨት ተበራቢረት። ኣብ ዓራታ እያ ደቂሳ ነይራ። ቀለቤታ ግን ኣብ ኣጻብዕታ ኣይነበረትን። ብዛዕባ'ቲ ሕልሚን ዝጠፍኣት ቀለቤታን ንሕጹያ ብዝዘረረቶ፡ ተጓጽዩ ናብ ሆስፒታል እዩ ወሲዱዋ። ብዝተገብረላ ናይ ራጂ መርመራ ድማ ቀለቤታ ኣብ ከስዓ ከምዘላ ተረጋጊጹ። ጂና ኣማኺያኡ ብዝተኻየደላ ዕዉት መብጣሕቲ ቀለቤታ ረኺባታ። “ኣብቲ መብጣሕቲ እንተዝመውት፡ ከይተመርዓኹ ምሞትኩ ነይረ ማለት'ዩ። እዚ ከኣ ፈጺሙ ዘሑዚ ነገር እዩ” ኢላ። ሓኪይም ህይወታ ስለ ዘድሓኑዋ ጥራይ ዘይኮነ ኑታ እትብህጋ ቀለቤታ ካብ ከስዓ ኣውጺኦም ዳግማይ ኣብ ኣጻብዕታ ክትሰኽዓ ዕድል ስለ ዝፈጠሩላ ከም እተመስገኖም ገሊጻ።



## መራሒ ካሽሚር ብፖሊስ ህንዲ ተቐዪዱ

ኣብቲ ህንዲ እተመሓድሮ ዞባ ካሽሚር ንነዊሕ ዓመታት ላዕለዋይ ሓላፊ ኮይኑ ዝሰርሐ ፋሩቕ ዓብዱላሂ፡ ብፖሊስ ህንዲ ከምእተቐየደ ምንጭታት'ቲ ከባቢ ሓቢሮም።

ወዲ 82 ዓመት ፋሩቕ ዓብዱላሂ፡ ካሽሚር ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ህንዲ ክትቕጽል ዝብል መርገጺ ከምዘለዎ እኳ እንተተሓበረ፡ ዝሓለፈ ቅንያት ህንዲ ንመሰል ርእሰ ምምሕዳር ናይታ ዞባ ድሕሪ ምስራዛ ተቓውሞኡ ክገልጽ ምጽንሑ ይግለጽ።

ፖሊስ ህንዲ፡ ነቲ ፖለቲከኛ ኣብ ከተማ ስሪናጋር ካብ ዝርከብ መንበሪ ገዛኡ ከምዝወሰዶን ጉዳዩ ክሳብ ዝጻረ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዝጸንሖን ብወግዒ ሓቢሩ ኣሎ።

እቲ ላዕለዋይ ሚኒስተር ዞባ ካሽሚር ኮይኑ ዝሰርሐ ፖለቲከኛ፡ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ጀሚሩ ናይ ገዛ ማሕዩር ኮይኑ ከምዝጸንሐ ምንጭታት ህንዲ ሓቢሮም። ኣብ



ቤት ማሕቡስ ህንዲ ንክልተ ዓመት ክጸንሕ ተኽእሎ ከምዘሎ እውን እቶም ምንጭታት ኣረዲኦም።

ኣብቲ ህንዲ እትቈጻጸሮ ክፋል ካሽሚር ንዓሰርተታት ዓመታት ክሰራሓሉ ዝጸንሐ ፍሉይ ቅዋም ዝሓለፈ ቅንያት ድሕሪ ምስራዙ፡ ናዕቢ ከይለዓል ብምስጋእ ህንዲ ኣሽሓት ተወሰኽቲ ወተሃደራት ናብቲ ቦታ ከምዝለኣኸትን ርክባት ተሌፎንን ኢንተርነትን ከምዝቋረጸቶን ጸብጻብ ቢቢሲ የመልክት።

ኣስታት 7 ሚልዮን ህዝቢ ዝርከበሉ ዞባ ካሽሚር ንህንድን ፓኪስታንን ዘሰሓሕብ ኮይኑ፡ ነፍሲ ወከፈን ንገለ ክፋል ናይቲ ዞባ ተመሓድሮ ምህላዋ ይፍለጥ። ክልቲአን ሃገራት ብሰንኪ ምስሕሓብ ዞባ ካሽሚር ክልተ ግዜ ናብ ሓፈሻዊ ውግእ ከምዝምረሓ ሰነዳት የመልክቱ።

## ኮሎምብያ - ብሓደጋ ነፋሪት ሸውዓተ ሰባት ሞይቶም



ኣብ ደቡባዊ ምዕራብ ኮሎምብያ ንእሽቶ ነፋሪት ብምውዳቓ ሸውዓተ ሰባት ከምዝሞቱን ሰለስተ ካልኦት ከምዝቖሰሉን ተፈሊጡ።

ብመሰረት ሓበሬታ በበሰ፡ እታ ብሓደ ኩባንያ እትውነን ነፋሪት ካብ ‘ፓፓያን’ ዝተባህለት ርብዒ ሚልዮን ህዝቢ ዝነብረላ ከተማ ድሕሪ ምብጋሳ ኣብ ናይ ደቓይቕ በረራ ኢያ ወዲቓ።

ከንቲባ ናይታ ከተማ፡ ኣብታ ነፋሪት ተሳፊርም ካብ ዝበሩ 9 ሰባት ክልተ ጥራይ ብህይወት ከምዝወጹን ንኣቶም'ውን ብጽኑዕ ቁሰሎም ኣብ ሕክምና ምክትታል ይግበረሎም ከምዘሎን ገሊጹ። ቡቲ ሓደጋ ኣብ ምድሪ ዝበረ ሓደ ቈልዓ ምቕሳሉ ድማ እቲ ከንቲባ ሓቢሩ።

ሰበ-ስልጣን ኮሎምቢያ ኣብ ናሕሲ መንበሪ ኣባይቲ ዝወደቐ ስብርባር ናይታ ነፋሪት ብምእካብን ንርክብት ናይቲ ኣብራሪ ብምጽራይን ጠንቂ ናይቲ ሓደጋ ንምፍላጥ ይሰርሕ ምህላዉ ኣረዲኦም።

እታ ነፋሪት እናንተባረዐት ዘርኢ ሰእልታት ብማሕበራዊ መራኸቢታት ምዝርግሑ ድማ ምንጭታት ሓቢርም።

## ቱኒዝያ - ሓደስቲ ፖለቲከኛታት ኣብ ምርጫ ይዕወቱ

ኣብ ቱኒዝያ ኣብ ዝተኻየደ ፕረዚደንታዊ ምርጫ፡ ካብ 26 ሕጹያት ተወዳደርቲ ኣብ ፖለቲካ ልምዲ ዘይብሎም ክልተ ተወዳደርቲ ዝለዓለ ድምጺ ረኺቦም ተባሂሉ።

ንምንጭታት'ታ ሃገር ብምጥቃስ ሮይተርስ ከምዝሓበሮ፡ ካይስ ሳዒድን ናቢል ካሮዊን ዝተባህሉ ሓደስቲ ፖለቲከኛታት ካብቲ ድሮ ዝተቘጸረ ድምጺታት ዝበዝሐ ነጥቢ ረኺቦም ብምህላዎም ኣብቲ ዝመጽእ ወርሒ ዝካየድ ካልኣይ ዙርያ ምርጫ ኣንጻር ሓድሕዶም ክወዳደሩ እዮም።

ካይስ ሳዒድ ኣብ ሓደ ዩኒቨርሲቲ ዝምህር ፕሮፌሰር ኮይኑ፡ ናቢል ካሮዊን ድማ ጋዜጠኛ ምዃኑ እዩ ዝግለጽ።

እቶም ሓደስቲ ፖለቲከኛታት ካብቶም ትሑት ኣታዊታት ዘለዎም ዜጋታት ቱኒዝያ ዝለዓለ ድምጺ ከምዝረኸቡ እዩ ዝግለጽ።

ኣብቲ ምርጫ ዝተወዳደሩ ሕጹያት፡ ሓደ ቀዳማይ ሚኒስተር፡ ሓደ ፕረዚደንት ነበር፡ ክልተ ቀዳማይ ሚኒስተር ነበር፡ ሚኒስተር ምክልኻል ዝርከቡዎም ኮይኖም፡ እቶም ምኩራት ፖለቲከኛታት ናብ ካልኣይ ዙርያ ዘሕልፍ ድምጺ ከምዘይረኸቡን በዚ ድማ ካብቲ ምርጫ ከምዝተገለፉን እቲ ሓበሬታ የመልክት።

ኣብቲ ምርጫ ዝተወዳደረ ቀዳማይ ሚኒስተር ቱኒዝያ ዩሰፍ ቻሂድ ኣብ ዘሰመየ መደረ፡ ንውጽኢት ናይቲ ምርጫን ንድምጺ ዜጋታት ቱኒዝያን ከምዘኽብሮ ብምግላጽ ስዕረቱ ብጸጋ ከምዝቐበሎ ሓቢሩ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ዓሰብ | 17/9/2019 | ጎደና ኣፍዓበት ቁ.105፡ ከባቢ 2ይ መደበር ፖሊስ (ካርሼሊ) | 123105 |
| | | ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ | ቁ.ቴሌፎን 127565 |

Sabur Printing Services